# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 23 ዓመት ቁ. 359 25 ነሓሰ 2014 ገጻት 12 ዋጋ 1.00 ናቕፋ


ሰኑይ



ገጽ 2
ዘራብዓት ፈስቲቫል

ገጽ 3
ሕርይቲ - ኣብ ሰዉሮ ሰናይ


ገጽ 5
ፍቕርን ስነ ግጥምን


ገጽ 7
ፈስቲቫል፡ ልዑል ቁጽርን ጸዓቕን ዝሰየደ ጭወትት ህዝቢ


ገጽ 11
ሽንገር፡ "ንሳንቶዝ ብምፍራመይ ኣይጠዓሰኹን"



# ኣብ ፈስቲቫል ንምርኢት ቀሪቡ ዝቐነየ መጽሓፍቲ፡ ኣብ መጻኢ ብዝሰፍሐ ክተሓዝ መዘኻኸሪ ቀሪቡ


ሰ/ምሕረትኣብ ገ/ሚካኤል

ኣብ ሃገራዊ ፈስቲቫል 2014 ንምርኢት ቀሪቡ ዝቐነየ፡ ንኹሉ ደረጃታት ትምህርቲ ዘገልግል መጽሓፍቲ፡ ባህሊ ንባብ ኣብ ምኽኣቲስን ኣንባቢ ሕብረተሰብ ኣብ ምህናጽን ልዑል ተራ ስለዘለዎ፡ ኣብ መጻኢ ብዝሰፍሐ ክተሓዝ ተሳተፍቲ ፈስቲቫልን ኣቕረብትን ኣዘኻኺሮም።

"ወለዲ ናይ ምንባብ ልምዲ ኣብ ደቆም ንኸስርጹ፡ ንባዕሎም ኣንበብቲ ክኾኑ ኣለዎም" ዝበሉ ካብ ኣቕረብቲ መጽሓፍቲ - መምህር ተስፋልደት ገብርሂወትን መምህር ሃይለ ዘወንጌልን፡ ናይ ንባብ ልምዲ ብደፋእታ ዝሰርጽ ብዙሕ ጻዕሪ ዘድልዮ ስለዝኾነ፡ ወለዲ መጽሓፍቲ ኣብ ዝዕድጉሉ - ዓቕሚ ውላዶም ክፈልጡን ትሕዝቶ ክፍትሹን ተላቢዮም።

"መጽሓፍ፡ ንእሽቶን ዓብን ዘይብል መኣዲ ፍልጠት'ዩ" ዝበለ ኣብ ኢንስቲትዩት ቴክኖሎጂ ኤርትራ ተመሃራይ 5ይ ዓመት ዳኒኤል ምሕረትኣብ ብወገኑ፡ ደረጃ ፍልጠትና ንምዕባይን ምስ ዝተፈላለዩ ሰባት ኣብ እንገብሮ ርክብ ርእሱ ተኣማንነትና ንምጥራይን እቲ ቀንዲ ረቋሒ ምንባብ ምኻኑ ጠቒሱ፡ ባህሊ ንባብ ንምዕባይ ንዝቶየድ ዘሎ ጻዕሪ ክንሕግዝ ከምዝኾኑ ኣስሚሩሉ።

ካብ ከተማ ከረን ወይዘሮ ኣውዓሉት ስብሖቱን ተማሃሪት ሳሌም ሃይለን ብዓደኣን ምርኢት መጽሓፍቲ ኣብ ፈስቲቫል ኣገዳስነቱ ልዑል ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ወለዲ ደለት ውላዶም ተረዲኦም ብዓቕሞም ከማልኡ፡ ተመሃሮ ድማ ምስ ዓቕሞም ዝሰማማዕ መጽሓፍቲ ብምንባብ ግደኦም ክጻወቱ ተላቢዮም።

# "ጽሬት ከተማ ከረን ንምሕላውን ጥዕና ህዝቢ ንምውሓስን ሓያሎ ንጥፈታት ይሰላሰል ኣሎ"

ኣብ ምምሕዳር ከተማ ከረን፡ ጽሬትን ጽፈትን ናይ'ታ ከተማ ንምሕላውን ጥዕና ህዝቢ ንምውሓስን ወሃዲ ማእቶታዊ ንጥፈታት ይሰላሰል ከምዘሎ፡ ሓላፊት ጨንፈር ማሕበራዊ ኣገልግሎት ናይታ ከተማ ወይዘሮ ለተንጉስ ኣብርሃ ሓቢራ።

ንኤሪና ኣብ ዝሃቦቶ ሓበሬታ፡ ወይዘሮ ለተንጉስ፡ ምዕባለ ናይ'ታ ከተማ ንምብራኽን ህዝቢ ስሉጥን ጽፉፍን ኣገልግሎት ንኽረክብን ብዕቱብ ይስራሕ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ዕላማቲ ማእቶታዊ - ብሸለልትነት ንዝድርብ ጉሓፍን ጎማታትን ብምእላይ ንጽህና ምንጪ ማያት ንምውሓስን ሕማም ዓሶ ንምክልኻልን ከምዝኾነ ኣብሪሃ።

ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ኣብ ንኡስ ዞባ ከረን ነርስ ድራር ገብርኣብ ብወገኑ፡ ዝተፈላለየ ትካላት ጥዕናን ሰብ ሞያን ንቕሓት ብምብራኽ ጥዕና ህዝቢ ንምውሓስ ይሃጥፉ ብምህላዎም ተርእዮ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ኣዩ ከምዝሎ ብምጥቃስ፡ ጽሬቱን ጽፈቱን ዘውሓሰ ኣከባቢ ቀጻልነት ጥዑይ ወለዶታት ስለዘውሕስ፡ ህዝቢ ከቢኡ ብዘዋግእ ክከናኸንን ክቈጻጸርን ተላቢዩ።

ሓላፊ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ከተማ ከረን ኣቶ ፍቓዱ ወልደ ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ ምምሕዳር ከተማ ብዘዘበርዮ ልዑል ወጻኢታትን ብምውህሃድ ህዝብን ማሸነሪታት ብምውፋር ብዝቶየድ ዘሎ ስራሕ፡ ናይ ሽዱሽተ ምምሕዳራት ከባቢ ጉሓፍ ከምእተጸርየን እቲ ስራሕ ብጻቡቕ ከምእተሳለጠን ገሊጹ።

ነብርቲ ብወገኖም፡ ኑቲ ድሕነት ዜጋታት ንምርግጋጽ ዝቶየድ ዘሎ ወፍሪ ብምምስጋን፡ ምምሕዳር ከተማ ጉሓፍ ብእዋኑ ክጸርግ፡ ህዝቢ ድማ ጉሓፉ ንዕኡ ኣብ ዝተወሰነ መኣከቢ በዶታት ክቐምጥ ኣዘኻኺሮም።

# ኣስማጥ፡ ብወፍሪ ልምዓት ተመሃሮ ዝሰላሰል መደባት ውጽኢታውነቱ እናጎልሐ ይመጽእ ስለዘሎ፡ ብዝለዓለ ክቕጽል ምዃኑ ተሓቢሩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ - ዓመታዊ ብወፍሪ ክረምታዊ ልምዓት ተመሃሮ ዝሰላሰል መደባት ውጽኢታውነቱ እናጎልሐ ይመጽእ ስለዘሎ ብዝለዓለ ክቕጽልዎ ምዃኖም፡ ሎሚ ዓመት ኣብቲ መደብ ዝተሳተፉ ተመሃሮ ገሊጾም።

ንሳቶም፡ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ እቲ ወፍሪ ኣብ ምስራሕን ምጽጋንን ዛላታትን ክትርታትን ዘድሃበ ምንባሩ ጠቒሶም፡ ዝተሰርሐ ዛላታት ግን ኣግራብ ክትከሉ ዝኾኑ፡ ፈልሲታት ብዘይምምጽኡ ስለዘይተተኽሉ፡ ኣብ መጻኢ ዝምልከቶ ኣካል ምሉእ ምድላዋት ክገብረሉ ኣዘኻኺሮም።

ብሓያል ጻዕሪ ወፈርቲ ኣቕዲሙ ዝተተኽለ ኣግራብን ዝተደላደለ መሬትን ማዕረ ማዕረ ሕዝኡቲ ለሚዑ ምርኣዮም ኣዝዩ ከምዝተባብዖም ዝገለጹ ተመሃሮ መናል እድሪስ ሙሳን እድሪስ ዑስማንን፡ ንዝበለጸ ውጽኢት ወሃዲ ምድላዋት ክግበርን ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣቕዲሙ ፈልሲታት ኩዓሉን ጸዊዖም።

ካብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ መንእሰይ ያሲን ዑስማን ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ድማ፡ ተሳተፍቲ ወፍሪ ክረምታዊ ልምዓት ኣብ 8 ምምሕዳራት ከባቢ ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ብተገዳስነት ኣድማዒ ስራሕ ከምዝየማመሙ ሓቢሩ።

ሓላፊ ናይቲ ጨንፈር ኣቶ ዑስማን እድሪስ ብወገኑ፡ ኣብ'ቲ መደብ 137 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 495 ተመሃሮ ከምእተሳተፉ ጠቒሱ፡ በቲ ወፍሪ 10 ሽሕ ሜትሮ ሓደሽ ዛላታትን 4 ሽሕ ሜትሮ ኩብ ሓደሽ ክትርታትን ክስራሕ እንከሎ፡ 14 ሽሕ ሜትሮ ዛላታትን 2 ሽሕ ሜትሮ ኩብ ክትርታትን ከምእተጸገነ ብምሕባር፡ ዝጠለብዎ ፈልሲ ስለዘይመጾም ግን ክለምዕ ዝኾነ መሬት ከምዝተረፈ ገሊጹ።



መሓሪ ዑቕባሚካኤል (ጠዊል)

# ዝራብዓት ፈስቲቫል



ሓደ ሕንዲቕዱቕ ዝበሃል ወማዖም ሳዕሰዓይ እንስሳ ኣሎ ይብሃል። እዚ መናከቡ ወዲ ሰለዑ ዘዋውድቖ ካብ ጭኾኺ ኣዝበሳ ዝዓቢ፣ ሃረምኮዎ ክትብል በዞግ ኣሉ ዝዕዝር ኣርኑብ እምብዛ ወናም ምኻኑ'ዩ ዝዘንቶ። ኣብ ዞባ ደቡብ ዝኺ ምቕዳይ ዝሰርሑ እንስሳ መሳዕሰዒ ተባሂሉ ካብ ማሕረስ ዓዲ ዝወዓለ ገርሁ ነይሩ ይብልኹም። 'ሰኺ ዝሓመቐ ጃወ፣ ሕንዲቕዱቕ ዝሳዕሰዓሉ ክረመ' ዝበል ክሻዕ ሎሚ ድሕረሉ ዘይሃበ ምስላ'ውን ህያው'ሎ። ከም ሃገሩ ጣቐዲት ኣይደልን። ከም ሰቡ'ውን ዕልልታ እንተዘይሰማዕኩ ኣሉ ዘይመቀሮ ኣይመስልን። ሓንቲ ውሃኻ ዝርዝር እተብል ያታዊት መሳርሒ መዚቃ'ያ እተድልዩ። ኣዛ መዚቃ እንተሰማዕ ክሹብ ዝደልዩዎ መጺኦም ዝዘንብዎ ኑበሱ ደርሰዕ ይብሃል። እተን ሕንዲቕዱቕ ምምጋብ ባህ ዝበለን ወኻሩ'ውን ንዓኡ ክረኽብ ኣለን ጢሉብበዕ ምዞሞት ሓዲኸኦ ነይረን ይብልወን። ኣካ ጭራ ዋጣ'ዩ ዝፈቱ። ዓቕር ጭራ-ዋጣ ኣብ ጥቓኡ ኩይኑ ክፍተል እንከሎ ካብ ዝጠን ሰበይቱ በራሩ ወራይ ምስዕስዑ ይጉብር ነይሩ እንተብልክኹም ከመይ ኣብልክም ትኣምኑኒ። መዋእልካ የልዎ ክትብል እናበሉ ኣካን ዘሻምወኒ ዓርኩ መሓዛይ'ካ ማስሓቕ ረኺበ።

ነርያ ሕንዲቕዱቕ በዚ ዝዓጸ ኣይርሃን፡ እቶም ብዮጭራ ዋጣኦም ዝምየፍዎ ዝበሩ ክኢላታት'ውን ንወየ ቁርበቱ መሳርሒ ዋጣ ክጥቀምሉ ጀሚሮም ነይሮም ይብሃል። ቅድሚ ቁርበት ዝበጽን ክሳድ ብዕራይን፣ ቁርበት ሕንዲቕዱቕ ምንኛ ምንባሩ ኣጥሊለ ኣለኹ። ኣካ እቲ ብኣኡ ዝወጸእ ቃና ከመዮ ንዓኡ ዘሳዕስዖ ንወየ ሰበ'ውን ከም ጸግደም ኣብ ሰማይ ከሽኩንድሮ ደልየም። ሓደ ዝኺ ሃሉው ኩበሎ ዝጸናሕኩ ዘረባ ዝድርዕ ግርም ናይ ዜማ ግጥሚ ረኺበልኩም ኣለኹ።

ዋጣ ሕንዲቕዱቕ ወደያ ተማኩ
ከሕልማኺ ኣብ ትርኣሰይ ቀንጆ።

ንሓደ ወደያ ተማኩ ዝተባህለ ወናም ሃራም ጭራ-ዋጣ ብዓል ዓዲ ሃርፌ ሓንቲ ጨጉራ ሕቐኣ ዝሸድን ወይዘር ብዓልቲ ዓረዛ ብፍቶቱ ክልተ ማእሲ ደራብ ትሓደር ነበረት'ሞ ምዕዳር ዘይጽግመን ተመኣደወቲ ኣዋልድ ምድሪ ወዲ ሰበራ ደማ ከምኡ ኢለን ደረፋሉ። ሓሊፈ ክትብሎ ድኣ ደሓን ኮይኑ'ምበር፣ እዚ ደርፌ ኣቦትር መዘዙ ምንባሩ ዓበይቲ እቲ ከበቢ ይዛረቡ'ዮም። ግዳ እታ ልባ ዝሰለበትስ ብዖብያ ጭራ ዋጣ'ያ ዝበረት። ሕምብጢጥ እንተዘይመሰልክኩም፣ ኣዋልድ ዓረዝን ምድሪ ወዲ ሰበራን ካብዚ ዝተላዕለ፣ ጭራ-ዋጣ ናብ ዘሎዩ ጓይላ ከይደን ከይጻወታ ይኽልክላ ነይረን ይብልወን።

ብዙሓት ዝራብዖት ፈስቲቫል'ውን ብያታዊ መሳርሒ መዚቃኦም ንሱብ ሕንዲቕዱቕ ቀደረምዎ ቀንጆም። እዚ ኣብ ስእሊ እትርእይዎ ዘለኹም ብዓል ጭራ ዋጣ፣ ብጉረሮ ዝወጸእ ዘበለ ድምጺ ኣብ ሕላገት ኣጻብዑ ዝርከብ ብዓል ጭራ ዋጣ'ዩ። ህርመት ዋጣኡ ንፍልእ ዝበሎ'ኳ ኣይፈልጥን'ምበር ንዓይሲ ኮይኑ ተረፉኒ ቀንጆ። ረኺበ፣ ምዝራብ ንፍልእ ሰብ ግደፎ ክበሎ ዝተረፈኒ ኣይነበረን። ወዮ ድኣ ሰሪ ዋዒኡ ኮፍ ኢሉ ከዕልለኒ ኣይክኣለን'ምበር ጣዕሚ መልሓሱ ኣብ ተርታ ኣጻብዑ ምኻኑ ከፍእመሉ ህርድግ ምበልኩ። እታ ኣብ ኢዱ እትርሮ ጭራ-ዋጣ ንስለኡን ሰለባሀለ ሕብረተሰብን እርሩ ክበላ ምገርኩም። ግዳ ፈስቲቫል የራእየካ'ምበር ኣዋዲዱ ኣየዕልለካን።

ካብ ኣዕዋፍ ዓዱን መጓሰኡን ተማሂሩ፣ ብሻምብቆ(ዕንዱር እንተብልኩም'ውን ግርም'ዩ) ገይሩ ልበይን ልቢ እንዳማተይን ሸሚቱ ዝቐጸ ዓጠል በጽሒ ዞባ ማእከል'ውን ምስቲ ካብ ዞባ ደቡብ ዝመጸ ብዓል ጭራ ዋጣ ኣብ ሓደ ጓይላ ጸሚደካዮም ቀኒ ዝበል ወኒ ኣትሐዘኒ ቀንጆ። ኣብቲ ያታዊ ቅነ ካብ ኣርቃይ(ቃንጫ ) ዝተሰርሐት ሻምብቆ ሐዚሉ ብምምጻኡ፣ ኑየም መብቁላዊት ሻምብቈ ጠፊኣ እናበሉ ዝፃቕሉ ዝበሩ ሰቦት ዕረፍቲ ኣዘዙ ቀንጆ። ቅድሚ ኩሉ ግና ኣብ ሻምብቈ ዘለዎ ምልከት ዲንቂ'ዩ። ፈስቲቫልና ንኸፀምዝኦም ዝኣመሰሉ ውሓሊታት መዚቃ መድረኽ ክኸውን ምኽኣሉ ድማ ማሕረ ዘብል ግርማ'ዩ። ከምቲ ኣቐድም ኣብለ ዝበልክዎ፣ ዝኺ ሾብሮም ብዓል ሻምብቆ፣ ካብ ኣበርጠጣ ዝበሃል ኣብ ሃገሰ ማሰቀለ ዝሸውት ሳዕሪ ሻምብቆ ሰሪሑ ምበልክዎ። ዕፉን ኩልኳሉ ምስ ተብልዐ ንዛዊሕ እዋን ዒባ ሽቢጥካ ኣብ ርእሲ እዮካ መጉጎ ንሸዱሸተ ወርሐ ዝሸውን ተጸንሒ'ሞ ሰማዕካ ዘይጸጉብ ድምጺ ከም ዝፈጥር'ውን ወሰ መበልኩሉ። ግዳ ዝቓቒ ግዜ ኣይረኸብኩን። ኣብ በረኻታት ዓዱ ክጓሲ እንተደለየ'ውን መዋፍርቱ ኣሓ ምለስ ከም ዘይብልዎ መዕለልክዎ። ኮፍ ኢሉ ሻምብቆ ከስምዓል ስለዘይደልዩ። ክንዲ ግዝዕ ዝኸውን ጠሉት ድኣ የብሊይን'ምበር ገምግዎም መረብ ዝኑበሩ ዝበሩ ኣገባዘ ናብ ሕልፎት ዕንዱር ዝበሃል ርጉዱ ክሹብ ዕረፊ ዝበጽሕ ካብ ሻምብቆ ዝዓቢ ሃማሚ ንፋሕ ኣብ ከሰር(መቐመጢኡ) ሐዚም ይኸዱ ምንባርም ቀያዕ ኣለኒ። ኣካ ዝኒን ወዲ ከማዚን ዝሓየለ ሰራሕ እጻበዮ ምህላው ኣዳዕዓይ መዕለልክዎ።

ኩለንታ ዝበሃል ሓደ ብዮጭራ-ዋጣኡ ደንሳት ዘለዊ ጉዳም ሰረወታይ ነበረ። እዚ ብሶላ ዝያድ ክኢለት ዋጣ ንሱብ ሓዘን'ውን ከይተረፈ ዝዓጊታ ዝዕድል ዝበረ ኩለንታ፣ መርዑ'ውን ከይተረፉ ኣብ ዓባይ-ዓባይቶ እግሩ ወዲቓን ክሹብ ዝዘረፉ ይጉብር ነበረ። ኩለንታ ሰንቁታይ ዝበል ሳን ነበሮ። ሰንቁታይ ንረጥብ እትመስል ማሰንቀ ንዘዘርም ሰብ ዝወሃብ ሳን'ዩ። ከመዮ ዘዕለሉኒ ልክዕ ከም ብዓል ረጥብ ብኣዕናቕ ዝመልከዐት ምንባራ'ዩ። ላግዲ ድኣ ከይመሰል'ምበር ኣዘ ክራር ሐዚ ዓዲ ዓዲ እናኸደ በዛ ማሰንቀ ክጻወት እንከሎ ካብ ርእሱ መጠምጠም'ያ ዘይፈለ ምንባሩ ይዕለል። ካብ ልሙድ ጓይላ ሕልፍ ኢሉ ናብ ሕዝግደፍ(ሰታሊለዶ ትብልዎ ትኾኑ) ዝበሃል ህርመት ይዘዙ ነበሩ። በዚ ህርመት ካብ መናከብን ንላዕሊ ዝቐነላ መርዑ ግዳይ ይኾና ምንባረን'ዩ። ኣካ ብፍላይ ኣደ ቁልዑ ህጻውንተን ረሲዐን በዚ ሓወሸበር ዝበሃል ቕኒት ልባተን ይጠፍኣን ምንባሩ ብወማዲ ተዓሊሉ። ሓወሸበር ካብዚ ሕጂ ዘሎ ዝውተር ቕኒት ውጽእ ዘለ መድሎ'ዩ። እዚ ህርመት ሰብ ክቱር ወኒን ሚኒን ዘለዎም ሰቦት ጥራሕ ዝጻወትዎ ምንባሩ እንተሓበርኩ ንዓይ ይፈኸሰኒ።

ብዓንደ ርእሳ ረጥብ ዞባ ዓንሰባ ናብ ካልእ ደናቢ ፈስቲቫል ካብ ምኻድ ኣሰራትኒ ቀንያ። እዛ ተረርታ ኣሰላኻ ክሹብ ሰራውር ደምካ ኣትዩ ንሸኻ ምኻንካ ዘረሰዖካ ውሓዚት ቀረብ ክፊልጣ ዘይምኽኣለይ ቅር እናበለኒ'ዩ። ከመይ ኣቢላ ትሰራሕን ዘንታኣን ከመዮ ናይ ልዕል ኢለ ዝሓፍጥክዎ ክፊትኖ ዘይምዕጣቐይ መዓልቲኻ ተጸበ ኢለዮ ኣለኹ። መዓልቲ ይሃቢን ይዞበኩምኒ።



ብሓፈሻ እዞም ብምዑዝ ህርሙቶም ልበታት ነገድያን ሰለቦም ዝቐጸዩ ኣባጽሕ ከመዮ ካልኦት ክኢላታት ጠሙተ ዝይልዩ ምኻኖም'ዩ። እዞም ኣብ ዓመት እንኮሻብ ዝራኸቡ ክኢላታት መዚቃ ኣብ ሓደ ደምባ ኣሕጊኻን ኣኽሪምካን ከመይ ዘለ መዚቃ ከም ዝሰርሑ ባህ ዘብል ምኾ። ገለ ብሰነ ሕብረተሰብ ዝዓገደሱ ሰቦት፣ እቲ ብኣኦም ዝውሰ ወገን ከ እንታይ ይኾን ዝበል ምጉት የምጽእ ይኸውን። 'ማይ ዝሰተየስ ሓቂ ይዛረብ' ትብል ኣደይ ተኾኦ። ነዞም ብናፍቖት ናይ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ያታውያን መሳርሒታት መዚቃ ሓመድና እንሰቲ ሰቦት ክሕሰበልና ከኣ እዋኑ ይመስለኒ። ብፍላይ ንኹሉቶም ብሓደን ኣብ ሓደን ምጥርናፎም ክሹብ ዘይተኻእለ መዙሓሊ ውዑይ ዝኾኑሉ መንገዲ ክናደ ሰናይ'ዩ። ግዜ እንተተመላሊሰ ዝኡበር ይመስል ደዩ ዝተማሰለ? ነዞም ኩሎም በብዓውዶም ዘይሃዓቕ እጃም ዘበርክቱ ብመተባብዒ ሓሳብን ንዋይን ምሕላፍ ግዜኡ ዝኣኸለ ይመስል ኣሎ'ሞ ሃዩ ሰብ ዘዘምልክቶ የልዕል። ወደሓንኩም!

## ግጥም ብግጥሚ

### ቀያሮ ኣንፈትካ

ሰላም ፈቃር በጽሒ
እምነት ዝተሰርቀ
ፍቕሪ ዝለገሰ ፍጹም
ከይበቐቐ
ዝለሚ ልብኻ ብፍቕሪ ምስ
ዓመረ
ፍትወትካ ረቢሑ ባህታ 'ናገረረ

ተፈረድካ'ዶ ይግባይ ዘይብሃሎ
ንብዓት ሓርገጽ ነቢዓካ ዘይኣኽሎ
በል ጥልመትካ ክትፈልጥ
ዝሓበረትካ
ልሳና'ያሞ ኣማስዮና ዝኣክል ነቢዓካ

እምበር ጥልመት ከቢድ'ኳ ተኾነ
ንሓቀኛ
ግን ባዕልኻ ንባዕልኻ
ንኡበሸኻ ብዝተሰፉ ጠቢርካ
ኣብ ዓለም ሓንቲ ጹሓይ እምበር
ሓንቲ ጓል ከም ዘየላ ኣሚንካ
ቅበጾ!!!

ንስምካ ጓዕጺጾ ክትጽውዓካ ብስሙ
ትተግረኽ'ያ ዘላ ልባ ምእዳሙ
ምስልኻ ግዳ ትኽል ኣብ ልባን
መልሓሳን
እንታይ ከየብሰልካ ኣብ ኣሰሞት
ምውሳን።

ሰበይ ደገም ድኣ እንታይ
ደሊኻ
ወላስ ዕድመ መርዓ ክትህበካ
በቃ ቅበጾ ቃንዛኻ ተህድእ
ድስ ደባሲትካ
ጎይታ ፍቕሪ ኸኣ ኢዱ
የንብረልካ
ዓርከይ! እዚ
ወድሓንካ

መሓሪ ጺጋይ

መ ል

ሰ

ሳምሶ ሃ ለ
.ስ 116266/201820(2220)

ም/ ሰ

ም ስሃ
.ስ 201820(2217)
ስ 127749 - .ሳ. . 247

ም ር ሕ
.ስ. 125394-08204224

ምል
.ስ. 125013 - .ሳ. . 1284

ለ -

ሃ ሳምራ መለስ
ምስ ስ

# ወይ ሰብ ደቀይ!

ገብሩ ክብረኣብ

# ሕርይቲ - ኣብ ሰሃሮ ሲናይ

20 ክፋል

እቶም 11 ግዳያት፡ ካብ መገዲ ሲናይ ኣትሒዞም ብዙሕ ግፍዒታት ምስ ረአዩ፡ ካብ ሓደ ጉጅለ ራሻይዳ ናብ ካልእ ጉጅለ ራሻይዳ ብመሸጣ እናተሰጋገሩ፡ ናብዞን ብዚኖን ዝተሰርሓ ሰለስተ ዳሳት በጽሑ። እተን ሰለስተ ዳሳት፡ ናይ'ቶም፡ ካብ'ቲ ብዙሕ ክፉእ ዘርኣዮም ኤርትራዊ መንእሰይ-ዓብደላ፡ ዝዓደግዎም ግዑዛውያን ራሻይዳ ነበራ። ናብተን ሰለስተ ዳሳት ዘወሰድዎም ክልተ ራሻይዳ'የም። እቲ ሓደ ጀላን'ዩ። እቲ ካልኣዩ ኸኣ ዕድመ ዕስራታት ምጅማሩ እውን ዘጠራጥር ኣቦይ-ዓብደላ'ዩ። ገና ከሎ'ቴ ክንሱ 'ኣቦይ ዓብደላ' ተባሂሉ ዝተጸዋዓሉ ምኽንያት ድማ ድሕሪ ሓደ ኣብቲ ቦታ ብዋጋሉ ዝልለ 'ኣቦይ ዓብደላ' ዝተባህለ ግዑጻዊ'ዩ። እቲ ምስዞም ክልተ ግዑጻውያን ብምምጻእ ንእኒ ሕርይቲ ዘወሰዶም፡ ሓደ-ተርጓሚ ድማ ኤርትራዊ ነበረ። ንሱ፡ ወዲ ከበሳ ኸይኑ፡ ኣብቲ ቦታ ግን ብልክዕ ስሙ ዘይከውን 'እድሪስ' ተባሂሉ'ዩ ዝጽዋዕ። በዚ ዝኣክል፡ ነቶም ዓሰርተ-ሓደ ግዳያት ዝዓደጉም ጀላን ኩኑ፡ ኣብ ትሕቲ ጀላን ከም ተርጓሚ ዝሰርሕ ድማ እቲ ኤርትራዊ ወዲ ከበሳ - እድሪስ ነበረ። ብዘይካ እድሪስ ኣብ ትሕቲ ጀላን ዝሰርሑ ልዕሊ ዓሰርተ ዝኾኑ ገራፎ'ወን ኣለዉ።

ሕርይቲ፡ ናብ ጀላን ምስተሸጠ ንዘበረ ፈላሚ እዋን ብምዝካር ዘልዓሉቶ ነቲ ሸማግለ ነበረ። "ጀላን፡ ሓደ ካብቶም ኣብ በረኻታት ሲናይ፡ መንእሰያት እናጋፍዑ ኣሽሓት ዶላራት ዝሓፍሱ ዘለዉ ግዑጻውያን'ዩ። ክትርእዮ ከለኻ ሕጻር ዝበለ'ዩ። ኩሉ ግዑዙ ኸኣ ክፉእ'ዩ። እቲ ኣቦይ-ዓብደላ ኣሎም ዝጽውዕዎ ኻልኣዩ'ሞ ኸኣ ዝገደደ። ሕጂ እዚ ኣቦይ-ዓብደላ ዝብሉኻ ኣብ'ታ ጥቓና ዝነበረት ካልእ ዳስ'ዩ። ማለት ሲ ንሱ ኸኣ ካልኦት ከማና ዝዓደጎም ኣለውዎ። ንሱ ኸኣ ክንዲመን ማስለካ፡ በቃ ዓሰርተሸሞንተ ዓሰርተትሽዓተ ዓመት'ዩ እንተዘበረ! ደቆም ከይተረፉ ነቲ ግናይ ስራሕ ተተሓሒዞሞ፡ ጉድ ርኢና። ኣብ'ዛ ናትና ዳስ ከኣ መን ኣሎ ኻልእ. . . .ሓደ እድሪስ ኣሎም ዝጽውዕዎ ተርጓማይ ኣሎ። ንእድሪስ ገለ ካብና ዝፈልጥዎ ነይሮም። ስሙ ካልእ ምዃኑ እዉን ድሓር ባዕሉ ነጊሩና'ዩ። ሕጂ ኣብታ መጀመርታ እዋን፡ እትው ምስበሉት ዛ ኸላ ሱብ ብዓይኑብሊይ ሰሬብሊይ ምስ ኣተውዋ፡ ሕልናና ዕርብ ኢሉና። ካብ ኩልና ኣገዙ ሓሚቑ ዝነበረ ሕጂ እቲ ሸማግለ'ዩ። ብኸመይ'ዩ ማስለካ ኣብቲ ሰለስተሸሕን ሓሙሽተ ሚእቲን ዶላር ክፈሉ ዝተባሃልናሉ ንሱ ልክዕ ከማይ ስለዘይከፈሉ፡ ብኽፉእ'የም ሃሪሞሞ። ምስቲ ብዕድመ ደፋእ ዝበለ ኸኣ ሓይሉ ቅልጥፍ ኢሉ፡ ደኺሙዎ። በቃ ሕጂ ክሳብ እቲ ገረፍቲ ብድኻም ዝሰልፉ ምስገረፉና፡ ደገ ወጺኦም፡ ማይ ሐዚም መጺኦም። ነታ ዝመጸት ጃሎን ካብ ሓደ ናብ ሓደ እናሕለፍናያ፡ መውዳእታ ተኽሉ ነቲ ሸማግለ ይህቦ፡ እቲ ሸማግለ ግን ኣይተቐበሎን። ድሓር እንተረኣየ ዘይሰምዕ። ኩልና ንሰንብድ። ካብኡ ነታ ጃሎን ጉዲፉ፡ ኣፍልቡ ገለኡን ይፍትሾ፡ ዝኾነ ትንፋስ ስኢኑ፡ ኢሂ 'ታ ድሓን ደዩ? እንተበልናዮ፣ ኣይመለሰልናን፡ ሰቕ . . .ድንን ጥራይ ኢሉ. . ."

ተኽሉ ብዝዕባ ኩነታት'ቲ ሸማግለ ክሃገሮም ስለዘይክኣሉ፡ ገለ ካብኣቶም ብኸንደይ ቃልሲ ኣብ ጥቓኡ በጽሑ። ኣብ ሰብነት ናይቲ ሸማግለ ብምትንካፍ ፍጹም፡ ፍጹም ነቒጹ ከምዝነበረ ምስረኣዩ፡ ንሳቶም እውን ኣኣብ ዝነበርዎ ደረቑ። ብሞት ናይቲ ሸማግለ ቀያሕ እምብዛ ርዒደት። ገሊኣም ነበዉ። ገሊኣም ኸኣ ክነብዑ ፈቲኖምስ፡ ዓቕሚ ሰኣኑ። በቲ ክስተት ኩለን ኣእጋር ቈሙ። ኩለን ኣዕይንቲ ፈዘዛ። ኩለን ኣእዳው ድማ ናብ ኣየር ተደርጊሐ። ቃል ብዘይምብህሃል ደቓይቕ ምስሓለፈ፡ ተኽሉ፡ ንማለት ካብ ዘንጸፍዎ ትራፍ ጨርቂ ኣልዕል ኣቢሉ ንገጽ'ቲ ሬሳ ሸፈኖ። ድሕሪ'ዚ ገሊኣም፡ ንመንከሶም ብኣእዳዎም ደገፎም ኣብ ዝነበርዎ ተቐመጡ። ገሊኣም ድማ ደው ኣብ ዝበልዎ ደረቑ። ከም'ዚ ኣብ ዝበለ ኹነታት፡ እቲ ከም ተርጓሚ ተቘጺሩ ዝሰርሕ ኤርትራዊ እድሪስ መጺኡ። ሓደሽ ክስተት ብዘርኣየ ድማ ፈለማ ኩሉቲቲ ፈተኑ። ኩነታቶም ምስተገንዘበን እቲ ሸማግለ ብጨርቂ ተሸፊኑ ተገምሲሱ ምስረኣየ ግን ነቲ ዘጋጠመ ተረደኦ። ንሱ፡ ከምቶም ካልኦት ንኣሕዋቶምን ፈለጥቶምን ዘጋፍዑ ተርጉምቲ ኣይነበረን። እቶም ግዑጻውያን-ራሻይዳ ብምልከት ቋንቋኦን ትብዖቱን ተርጓሚኦም ክኸውን ብዘይድላዩ ምስመረጽዎ፡ ክኣቢ ፈቲኑ'ዩ። እንተኾነ ህይወቱ ካብ ትሓልፍ በሊዑ'ዩ ሕራይ ዝበለ። በዚ ምኽንያት፡ ነቶም ኣብ ትሕቲ ጀላን ዝነበሩ ግዳያት ኸሕግዞምን ከተባብዖምን እምበር፡ ከምቲ ብጀላን ዝእዘዞ ሕማቕ ክገብሮምሲ ኣይተራእየን።

"ስምዑኒ፡ ልክዕ'ዩ፡ ህይወት ሰብ ረዚን'ዩ። ግን ሰብ ሞይቱና ኢልኩም እንተተዓሂልኩም፡ እዞም ዝረኣዩኹም መፍትኖም'ዩ! ንሰኹም ተዓሂልኩም ክርእዩኹም ከለዉ ንዓኦም ሓጎስ'ዩ። ካልእ ክብለኩም ዝደሊ፡ ሕጂ ከይደ ነዚ ሰብኣይ 'ሰብ ሞይቱና ኣሎ' ክብሎ እንድየ፡ ክመጽእ'ዩ። ካብኹም ዝኾነ ሰብ ገንዘብ ከይከፈለ ክሞቶ ኣይደልን'ዩ። ስለ'ዚ 'መን ቀቲልዎ?' ኢሉ ክሓተኩም'ዩ። ከይትዋገርዎ፡ ወላ ነቲ ዝቐተሎ ራሻይዳ ኣብ ቅድመኹም ኣምጺኡ እዚ ደዩ ቀቲልዎ እንተበለኩም፡ 'እንድዒ' ኢኹም ትብልዎ። ሓደራኹም ከይትዋገርዎ!"

ምስበሎም፡ ወዲ ዓሰርተሸሞንተ፡ "ርኢናዮ እንዲና፡ እቲ በዓል ክሹፍ ክቐትሎ ኸሎ! ንምንታይ ዘይንዋገረሉ?" ክብል ሓተቶ።

"እንታይ መስለካ'ዚ ሓወይ! ጀላን ኣብ'ዚ ዳስ'ዚ ኣብ ሳልስቲ ወይ ኣብ ራብዕቲ'ዩ ዝመጽእ። ኣብ'ዚ ምሳኹም ዝውዕሉ ኣብ ዝደለይዎ ግዜ ድማ ድላዮም ዝገብሩኹም እቶም ገረፍ'የም። 'እዚ'ዩ ቀቲልዎ' ኢልኩም እንተነገርኩሞ፡ ገንዘብ ጥራይ'ዩ ኣገዲሉ ክህቦ። ድሕሪኡ እቲ ዝተዋገረሉ ንዓኹም ክፉእ ከርእየኩም'ዩ! ሓንሳብ ስለዘዘገርኩምሉ ፈለማ ነቲ ዝገረ ክቐትሎ'ዩ፡ ድሓር ንኹሉኹም" ኢሉ ምስተዛረቦ ግን ኩሎም ተረድኦም'ሞ፡ ንደገ ወጺኡ ኸይዱ። ዘረባኡ ገና ኣብ ኣእምሮ ነፍሲወከፍ ግዳይ ከሎ'ዩ ድማ ንጀላን ኣምሪሑ መጺእዎም። ጀላን ኣብ'ቲ ዳስ ምስኣተወ ኩላቶም ሓፍ ብምባል ደኸዑ፡ ከምኡ ክገብሩ ፋልማይ ዝእዘዘዎ'ዩ።

"ኣየናይ'ዩ? ኣበይ ኣሎ'ቲ ዝሞተ?" ሓተተ ጀላን እትው ምስበለ። እድሪስ ናብቲ ሬሳ ብምቕራብ ቀለው ምስኣርኣዮ፡ ኣብ ኢዱ ሒዝዋ ንዝጸነሐ በትሪ ሰው ኣቢሉ ምስቲ ዚንክ ኣራጸሞ።

"መን'ዩ ዚ ዝገበር? መን ኣይኡ'ዩ ዚ ዝፈጸመ? ያላ ጸውዕዎም፡ ኩሎም ጸውዕዎም? ያላ ኩሎም!!" ወጨጨ። እድሪስ ነቶም ገረፎ ክጽውዕ ንደገ ወጸ።

"ስምዑ ንሰኹም፡ ዚ ሰብኣይ'ዚ ዝቐተለ መን ምዃኑ ክትነግሩኒ ኢኹም? ዓይንኹም ሕጸቡ፡ ያላ! ያላ!!" ሸዑ እውን ገዓረ። እድሪስ ካብቶም ገረፎ ሽድሽተ ዝኾኑ ኣሰዒቡ መጸ። እቶም ገረፎ እትው ምስበሉ፡ ወጨጨ ጀላን ዛየደ። "ያላ! እናሃለው'ኹም! ያላ ኣየናይ'ዩ ኣየናይ ምዃኑ ትፈልጥዎ ኢሎም? እዚ በዓል ዕማ? ወላ እዚ ሓጺር? ንጉሩ? እዚ ደዩ? ወላ እዚ ጠዊል?" ካብን ናብን እናተንቀሳቐሰ ብደሃያቱ ነታ ዳስ በጽበጻ። ርእሶም ኣደኒኖም ዝጸንሑ፡ እኒ ሕርይቲ፡ ብወጨጨኡ ዝኣክል ናብኡን ናብቶም ገረፎን ጠመቱ። እንተኾኑ እዚ'ዩ ወይ እቲ'ዩ ዝበለስ ኣይተረኽበምን። ምኽሪ እድሪስ ኣብ ልቦም ነበረ። "ኣታ ምሳኹም'ኳ'የ? ኣየናዮም'ዩ ንጉሩኒ? ንጥቕምኹም እናሰራሕኩሉ ዘይትሕግዙኒ? ንስኻ ኣየናዮም?" ንተኽሉ ብምምልካት ሓተቶ። ተኽሉ ካብ ዝቐነየ ድንን እናበለ ከምዘይፈለጠ ክሮር ርእሱ ንገጺ ነቕነቐ። "ንስኻ ኸ?" ቀጸለ፡ ንዕባይ ሱዳን ጠየቐ። ዕባይ-ሱዳን እውን ካብ ናይ ተኽሉ ብዘይፍለ መለሰ። እድሪስ ንኣዕይንቱ ካብ ገጽ'ቶም ግዳያት ከይኣለየ፡ ምእንቲ ከይዋኽዎ ብፍርሒ ይከታተል ነበረ። ካብቶም ካልኦት ተሰኣ ዝቐበጸ ጀላን ናብቲ ቀሊሕምሊሕ ዝበል ዝነበረ ወዲ-ዓሰርተሸሞንተ ኣበለ'ሞ "ንስኻ ትፈልጥ ኢኻ፡ መን ከም ዝቐተሎ፡ ዚ ሰብኣይ! ያላ ንገረኒ?" በሎ። ንሱ እቲ ቀዲሙ መን ከምዝቐተሎ እንተነገርና እንታይ ጸገም ኣለዎ፡ ዝበለ'ዩ። ቃል ቅድሚ ምውጽኡ ኸኣ ሓንሳብ ናብቲ ፈጠጡ ዝጥምቶ ዝነበረ እድሪስ፡ ሓንሳብ ናብቶም ገረፎ ተመልከተ።



ይቕጽል. . .

# ሕቶ ጥዕና

ቃደሰ ተኽለ

## ጨው ብኸመይ'ዩ ከም ጠንቂ ሕማማት ዝውቀስ?

*ጨው ብዘይካ ምውሳድ ሕማቕ ከም ዝኾነ ወርትግ ይሰምዑ። ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፋት እውን እዚ ኣርእስቲ እዚ ተናኺፍናዮ ትኾኑ ኢኹም። ጸቕጢ ደም ከም ዘስዕብ እውን ይግለጽ። ካብ ጨው ዶ ኣይኮነንን ብዙሕ ማዕድናት እንሓልዮ ኣዮዲን ንወስድ። ጨው ብኸመይ ሕማም ከስዕብ ይኽእል?።*

*ማርታ ካብ ባረንቱ*

ዓለማዊ ውድብ ጥዕና መዓልታዊ ዓቐን ጨው ውልቀ ሰብ ካብ 2 ግራም ክበዝሕ ከም ዘይብሉ እዩ ዝሕብር። ጨው ብዝበዝሐ ምውሳድ ወይ ካብቲ ዓቐን ንላዕሊ መዓልታዊ ምምጋብ ንጥዕና ሓደገኛ ከምዝኾነ ዝሕብሩ ሕክምናዊ ጸብጻባት፣ ብሰንኪ ብዙሕ ጨው ብዘስዕቦ ሕማማት ልቢ ጥራይ ኣብ መላእ ዓለም ዓመታዊ 1.6 ሚልዮን ሰባት ከም ዝሞቱ የረድኡ። ከምቲ ዝበልክዮ ልክዕ ኣብ ጨው ሓያሎ ጠቓምቲ ማዕድናት ኣለዉ፣ ክበዝሕ ከሎ ግና ካብ ጥቕሙ ጉድኣቱ እዩ ዝበዝሕ። ጨው መመቀሪ መግቢ ስለ ዝኾነ መቐረት መግቢ ምእንቲ ክወጽእ ኢና ንጥቀመሉ። ጨው ዘይብሉ መግቢ መቐረቱ ኣይፍለጦን። ዓቕኑ ኣብ ዝሓለወ ጨው ዘለዎ መግቢ፣ መቐረት ናይቲ መግቢ ጥራይ ስለ ክስተማቐር ጣዕሚ ጨው ኣይፍለጦን። ኣብቲ መግቢ ጨው ክዛይድ እንከሎ ድማ እቲ መግቢ ባህርያዊ መቐረቱ ኣጥፊኡ ናይ ጨው ጣዕሚ ጥራይ ጎሊሑ ይረአ። ብዙሓት ስድራቤታት ድማ መቐረት ናይቲ ጨው እንተዘይተፈሊጥዎም እቲ መግቢ ጨው ዘለዎ ኣይመስሎምን። መኣዲ ኣብ ዝተቐረበ ጨው ኣብ ርእሲ ጨው ክወስኹ ይረኣዩ። ኣብ ኣካላት ኣትዩ ከምጺኦ ዝኽእል ሳዕቤን ግና ኣየስተብህሉሉን።

ጨው ብዝበዝሐ ክንምገብ እንከለና ሶድዩም ዝተባህለ ማዕድን ኣብ ደምና እናበዝሐ ይኸይድ። ሶድዩም ክበዝሕ እንከሎ ድማ ኩሊት ኣብ ኣካላት ዝርከብ ዘየድሊ ጉሓፍ ፈሳሲ ትመጽየሉ ኣገባብ እናተዛበዐ ይመጽእ። ስለዚ ኩሊት ከም ግቡእ ፈሳሲ መጽያ ምጉሓፍ ዝበራ ዓቕምታት እናጎደለ ይኸይድ እሞ፣ ፈሳሲ ኣካላት እናበዝሐ ይኸይድ። ኣብ ኣካላትና ድማ ፈሳሲ እናተዓቐረ ይመጽእ። እቲ ኣብ ኣካላት ዝወሃሃል ካብ ዓቐን ንላዕሊ ዝኾነ ፈሳሲ ድማ ድፍኢት ደም ከም ዝበዝሕ ይገብር። ጨው እናበዝሕና ክንከይድ እንከለና ድማ ብኡ መጠን ድማ ድፍኢት ደም እናበርተዐ ይኸይድ። ድፍኢት ደም እናበዝሐ ክኸይድ እንከሎ ኹሉ ልቢ ደም ክትጭንገዕ ከላ ጻዕሪ ይበዝሓ። ደም ካብ ልቢ ዝወስዱ ሻምብቆታት፣ ኩሊትን ሓንጎልን እውን ጸቕጢ ይበዝሖም። ድሕሪ እዚ ኹሉ ድማ ሕማም ልቢ፣ ወቕዒ ሓንጎል፣ ሕማማት ኩሊትን ረሲዕነትን ከስዕብ ይኽእል።

ስለዚ ማርታ ጨው ትፈትዊ እንተኾንኪ ብዓቐን ክትወስድዮ ኣለኪ። ጨው እናጎደልኪ ክትከዲ ከለኺ ኣብ መጀመርታ መቐረት መግቢ ዝተቐየረ ክመስለኪ ይኽእል እዩ። ድሒሩ እናተለምደ ስለ ዝኸይድ፣ ካብ ሕጂ ምጒካይ ጨው ተለማመዲ።



## መሳራሕተይ ጸዋጋት ኮይኖም እናተሰምዑኒ!

*ብዕድመ ዝዓበኹ ናይ ቀረባ መሳርሕቲ ኣለዉኒ። ብስራሕ ናይ ግድን ኢና መዓልታዊ ደጋጊምና እንራኸብ። ክንዮ ስራሕ ናይ ዕላል ኩነ ናይ ሱላቕ ምቕርራብ ኣየማዝበልኩን። ጸዋጋት ኮይናም ስለ ዝስምዑኒ ኣብ ጥቓኦም ብዙሕ ጠጠው ማጠው ኣይብልን። ካብ ደገ ናብ ስራሕ ክመጽእ ከለኹ እውን ቅጭ ስለ ዝመጽኒ ናይ መንፈስ ጸቕጢ ጊደረ እየ ዝውዕል። ሓደ ክልተ እዋን እውን ብስራሕ ምስ ዝመጹ ሰባት ተኻራፊተ። እቲ ጸቕጢ ካብ ስራሕ ወጺአን ኣብ ገዛን እውን ይስመዓኒ። ምስእ መዓልቲ እዩ ዝኸብደኒ። እንታይ እንተገበርኩ ይሓይሸኒ? ስራሕ ብምቕያርዶ ይገድፈኒ ይኸውን?*

*ሰመይ ኣይቃላሕ ካብ ኣስመራ*



ንዓኺ ዝስመዓኪ ዘሎ ጸቕጢ ኣእምሮ (depression) ምስተዮም ኣብ ስራሕ ዚጋጥሙኺ ሰባት ኢኺ ኣተሓሒዝክዮ ዘለኺ። እቶም ኣብ ማክሳይ ዕድመ ዘለዉ መሳርሕትኺ መንስኤ እንተዘኾኑ'ኺ ምኽታተዮም ምስሓቕኪ ዶ? ኣይፋልክን። ምኽንያቱስ ንገዛ ምስ ከድኪ ወይ ካብ ስራሕ ምስ ወጻኺ ወይ ምስ ካልኦት ሰባት ክትራኸቢ ከለኺ ድኣ እቲ ጸቕጢ ዘይፈኸሰኪ።

እቶም ከም ጸዋጋት ገይርኪ እትርእይዮም ዘለኺ ሰባት ከምቲ ኣብ ሕልናኺ ዝሳሰስ ዘሎ መንፈስ ዘይክኾኑ ይኽእሉ። ጥዑማት ክኾኑ ይኽእሉ። ኣሸበሹብ ድማ ንሳቶም እውን ንዓኺ "መጸት ከኣ እዛ ወጭማድ" ዝብል ስምዒት ስለ ዝሰምዖም ክሳዕ ትጽለዩሎም ድፋዕ ገይሮም ይከላኸሉ ይህልዉ። ዝኸበርኪ ሓታቲት እቲ ጎልበቡኪ ዘሎ ጸቕጢ ክጸው ናይ ስራሕ ቦታ እውን ተሰኪምክዮ ኢኺ ትውዕሊ ዘለኺ። ካብ ስራሕ ወጺኢን ኣብ ገዛ ምስ ስድራቤትክን እውን እቲ "ቅጭ" ዝብል ስምዒት ኣለኪ። በዚ ስምዒት እዚ ምስ ሰባት ተረዳዲእኪ ክትከዲ ትኽእልሉ ዕድላት ጸቢብ እዩ ዝመስል። ብስራሕ ምስ ዝመጹ ሰባት እውን ብሕርቃንኪ ከም ዘሸንበድክዮም ኣብ ደብዳቤኺ ኣረዲእኪ ኣለኺ። እዚ ንሰኺ ዘስተብህልክሉ ኢጋጥሚታት እዩ እምበር ኣብ ገዛን ኣብ ጎረቤትን ብኣኺ ዝቐንዘዉ ሰባት ከይህልዉ ኣይተርፉን።

ሰባት ሓሓሊፎም ብዝተፈላለየ ጠንቅታት ጸቕጢ ኣእምሮ የማዕብሉ እዮም። ማለት ናይቲ ጸቕጢ ደማ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይፈላለ። ዓይነታት ናይቲ ጸቕጢ እውን ካብ ናይ ሓጺር ግዜ ክሳዕ ዓመታት ክጸንሕ ይኽእል። ናትኪ ንገለ እዋናት ምሳኺ ዝጸንሐ እዩ ዝመስል። ስለዚ ብሸቕታ ወይ ናይ ስራሕ ቦታ ብምቕያር ዘይከውን ነቲ ጸገም ብቕትትል ሕክምና ክትኣልይዮ ትኽእሊ ኢኺ። ነቲ ሓኪም ዝኑበረልኪ ሓገዛት እውን ናትኪ ተበግሶታትን ንኻልእ ሰብ ብዘለኪ ሰናይ ትምኒት እናኣማዕበልኪ ክትሰዕርዮ ትኽእሊ ኢኺ። ንኸበኺ ምቕያር ቅድሚ ምፍታንኪ ንርእሰኺ ምቕያር ፈትኒ።

ሓያሎ ዓይነታት ናይ ኣእምሮ ጸቕጢ ስለ ዘለዉ፣ ኩሎም ኣብዚ ምዝርዛር ኣድላዪ ኣይኮነን። ንዓኺ ዘድልየኪ ምኽርን መድሃኒትን ኣብ ናይ ስነ ኣእምሮ ሓኪም ብምኻድ ክትረኽብዮ ትኽእሊ ኢኺ። እቲ ሆስፒታል ኣይትፍርሕዮ። ኩልና ኣብ ዝተፈላለየ ኩነታትን ግዜን ክንጥቀመሉ ስለ ንኽእል ናይ ኩልና እዩ። መንከ ጥዑይ ኣሎ ኢልኪ ኢኺ?

ምስቲ ጸቕጢ ኣእምሮ ተጠናኒጉ ዝመጽእ ሓያሎ ከም ባዶነት፣ ጽምዋን ትህኪትን ምጥፋእ ንብረ ባህጊ ጾታዊ ስምዒታትን ድኻምን ፣ ኣቓልቦ ምስኣን ዋሕዲ ድቃስ፣ እብዮት ድቃስ፣ ብዝበዝሐ ደጋጊምካ ምብላዕ፣ ሓሳባት ርእሰ ቅትለት ምምልላስን ቃንዛ ኣብ ዝተፈላለዩ ክፋል ኣካላት፣ በቲ ፍወሳ ተጸራሪጉ ክእለየልኪ ይኽእል። ንሰኺ ዘርኣኽዮ ተጉዳሰነት እውን ነቲ ጸገም ክትቃለስዮ ወሲንኪ ከም ዘለኺ ዘርኢ ስለ ዝኾነ በርትዒ። ናብ ክኢላ ኸኣ ኪዲ።

ናትኪ ምቕይያር ጠባያት ንኻልኦት ሰባት ይትንክፍ ከምዘሎ ምስትብሃልኪ ንርእሱ ሰናይ ጎደኒ እዩ። ስለዚ ካብ ሓኪም ብዘወሃበኪ ምኽሪ ቅልጡፍ ምምሕያሻት ክትገብሪ ከም ትኽእሊ ንኣምን።

## ደም ዝተሓወሶ ዓኽታ ናይ ምንታይ ምልክት'ዩ?



*ደም ዝተሓወሶ ዓኽታ ወይ ጥፍጣፍ ናይ ምንታይ ምልክታት ኩን ይኸውን? ንኣሰታት ክልተ ወርሒ ዝኣክል ቃንዛ ወይ ረሲ ዘይብሉ ሰብ ከማዚ ክረኣዮ ከሎ እንታይ ክጥርጥር ይኽእል?*

*ሰለሙን ካብ ኣስመራ*

ዓኽታ ዝበጽሐሉን ጥፍጣፍ ዝወጽኡን ክፋል ኣካላትና በበይኑ ስለ ዝኾነ እቲ ደም ካበይ ይወጽእ ከም ዘሎ ምፍላጥ እቲ ቀዳማይ ክትገብሮ ዘለካ ኣቓልቦ እዩ። እቲ ዓኽታ ሰዒልካ ካብ ውሽጢ ተወጺኡ ክኸውን ከሎ፣ እቲ ጥፍጣፍ ድማ ካብ ኣፍንጫ ዝወጽእ ፈሳሲ እዩ። ናይ ግርጻን መድመይቲ እዩ ኢልካ ሸለል ዝበሃል ስለ ዘይኮነ እውን ናብ ሆስፒታል ኬድካ ሓኪም ምውካስካ ዘይተርፍ እዩ። ብቕልጡፍ እኳ ደኣ። ካብ ውሽጢ ዝወጽእ ደም ዝተሓወሶ ፈሳሲ ካብ ሳንቡእ፣ ካብ የናይ ኣካላትካ ኩን ይኸውን ደም ዝዛዘዕ ዘሎ? ካብ ጎረሮ? ካብ መንንጥ? ወይ ካብ ሳንቡእ ዝበሉ ሕቶታት ኣገደስቲ ይኾኑ ማለት እዩ።

ስለዚ ብመርመራ ካበየናይ ኣካላትካ ይወጽእ ከምዘሎ ምስ ተፈልጠ ጠንቁ ድማ እንታይ ከም ዝኾነ መርመራ ይግበረልካ ማለት እዩ። ዝኸበርካ ሰለሙን ሓኪም ክሓተካ ዝኽእል ብዙሕ ሕቶታት ኣሎ። ረሲን ቃንዛን ስለ ዘይብልካ ከም ናይ ሕማም ምልክታት ኣይቈጸርካዮን ብሰንኪ እውን ናብ ሓኪም ኣይከድካሉን።

ደም ምስ ዓኽታ ክወጽኡ ዝኽእሉ ሓያሎ ጠንቅታት ስለ ዘለዉ፣ ነቲ መርመራ ዝኑብረልካ ሓኪም ዝምልከት ስለ ዝኾነ እውን ኣብዚ ብጽሑፍ ክንጠቕሶም ኣይንኽእልን። ዓኽታኻ ሓብጀራይ ደዩስ ምሉእ ብምሉእ ደም እዩ? ክትስዕል ከለኻ ደዩ እሕሕ ኢልካ ኢኻ ደም ተውጽእ ወይስ ከም ናይ ቀሓር ፈሳሲ ትኽስዮ? ብዘይካ ኣብ ጥፍጣፍን ዓኽታን ኣብ ሽንትን ቀልቀልን ከ ደም ይረኣየካ ዶ? ምንጽርራው፣ ወይ ዋሕዲ ምስትንፋስ ከ ይስመዓካ ዶ? ብዝሒ ናይቲ ደም ክሳዕ ክንደይ እዩ? ብዝንደበት ደዩ ጀሚሩካ? እናወሰኸ ዝኸደሉ ኩነታት ኣሎ ዶ?

ብለይቲ ዶ ወይ ብቖትሪ ዝያዳ ደም ዓኽ ትብል? ካልእ ኸ ዘይለመድካዮ ኩነታት ጥዕና ይስመዓካ ዶ? ሽጋራ ትስቲ ዲኻ? ኣልኮላዊ መስተኸ ተብዝሕ ዶ? ዝበሉ ሕቶታት ካብ ሓኪም ክቐርበልካ ይኽእል።

# ዓንኬል ፍቕሪ

ምሕረትኣብ ፍስሃየ

# ፍቕርን ስነ ግጥምን



ኤልዛቤጥ ባረት ብ1806 ኣብ ሌድባሪ ዓዲ እንግሊዝ ዝተወልደት ቦኽሪ ናይ'ታ ደርዘን ቈልዑ ዘፍረየት ስድራ እንዳ ባረት'ያ ነይራ። ኣቦ ኤልዛቤጥ ኣብ ጀማይካ ሰፊሕ ናይ ቃንጫ ሸኮር ሕርሻ ዝውንን ዲታ'ዩ ነይሩ። ኤልዛቤጥ'ምበኣር ኣብ'ቲ ንደቀንስትዮ ክመሃራ ዘይፍቀደሉ ዝነበረ እዋን ተፈጢራ ክተብቅዕ ጓል ርኹብትን ሰብ ዝኾነ ስለ ዝነበረት'ያ ምስ ምንኣስ ሓዋ ኣብ ገዛ መምህር ተቘጺሩሉ ካልኦት ሰብ ማእከላይ መጕብርቶ ደቂ ተባዕትዮ'ኳ ክረኽብዎ ዘይክኣሉ ትምህርቲ ክትቀስም ዝኸኣለት። እቲ ዘሕዝን ግን ኣብ ፈለማ እዋን ግርዝውናኣ ሕማም ዓባይ ሰዓል ምኽንያት ዝኾመት ሕዱር ሕማም ምጥራያ'ዩ። ኤልዛቤጥ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ወርይቲ ጸሓፊት ግጥሚ ከምዝነበረት ይፍለጥ። ናይ ፈለማ ግጥማ ገና ጓል 6 ዓመት እንከላ'ያ ጽሒፋታ። ጓል 14 ዓመት ጥራይ እንከላ ድማ ኣብ ኣንበብቲ ልዑል ተቐባልነት ዝተረፉ ግጥምታታ ንሕትመት በቒዑ። ግጥምታታ ንሕትመት ዝበቕዕሉ ቀንዲ ረቛሒ፣ ምስ ሓያሎ ምሁራት ናይ'ቲ እዋን ትጸሓሓፍ ብምንባራ፣ ብድፍኢት ናይ'ዞም ምሁራት ምንባሩ ይጥቀስ።

ሮበርት ብራውኒንግ ብወገኑ ኣብ ከተማ ለንደን ተወሊዱ ዝዓበየ ፍሉጥ ገጣማይ'ዩ። ኣቦ ሮበርት ናይ ባንኪ ሰራሕተኛ ኮይኑ ኣስታት 6,000 መጻሕፍቲ ዝሓዘ ናይ ውልቂ ቤት ንባብ ከምዝነበሮ ይንገረሉ። ሮበርት ከኣ ነቶም መጻሕፍቲ እናኣንበበ'ኳ እንተዓበየ ልዕሊ ኩሉ ግን ስነ-ግጥምን ታሪኽን ይፈቱ ነበረ። መርኣያ ናይ'ቲ ኣብ ስነ-ግጥሚ ዝነበሮ ክቱር ፍቕሪ፣ ወዲ 12 ዓመት ምስ ኮነ ናይ ፈለማ ናይ ግጥሚ መጽሓፍ ጸሓፈ። ሮበርት ቤት ትምህርቲ ኪዳ ምምሃር ስለዘይተቐበሎ፣ ኣብ ገዝኡ መምህር ተቘጺሩሉ'ዩ ተማሂሩ። ሮበርት ኣብ 14 ዓመት ዕድሚኡ ሓሙሽተ ቋንቋታት ብምልኩዕ ክዛረብ ይኽእል ነበረ።

ከም'ቲ ልዕል ኢሉ ዝተገልጸ፣ ኤልዛቤጥ ባረት ጓል ሃብታማት'ያ ነይራ። ኣብ ርእሲ'ዚ፣ ቅድሚ ምስ'ቲ ናይ ሞያ መዘናኣ (ገጣማይ) ዝነበረ ሮበርት ብራውኒንግ ምርኻባ፣ ርእሳ ዝኸኣለት ስምዒት ገጣሚት'ያ ነይራ። እንተኾነ ግዳስ ብሰንኪ ጽንዕ ምቁጽጻርን ጸቕጥን ኣቦኣ፣ እቲ ቅድሚ ምስ ሮበርት ምልላያ ዝነበረ ዕድመኣ ኣብ ናይ ገዛ ማሕዩር'ያ ኣሕሊፋቶ። ብሓጺሩ ካብ ሰብ ተገሊላ'ያ ትነብር ነይራ። ሮበርት ንግጥምታት ኤልዛቤጥ የድንቖም ስለዝነበረ ብምትሕብባር ጆን ኬንዮን ዝተባህለ ዓርኩ ኣብ 1845 ምስ ኤልዛቤጥ ክራኸብ በቒዑ። ክልቲኦም ብፍቕሪ ሓድሕድ ክሰዓሩ ግዜ ኣይወሰደሎምን። ኣብ ታሪኽ ስነ-ጽሑፍ ከኣ ሰብ ዘዘረብ ፍቕራዊ ዝምድና መስረቱ። ንርክብ ሮበርትን ኤልዛቤጥን ዝፈለጠ ኣቦ ኤልዛቤጥ ግን፣ ንሮበርት 'ሃብቲ ክወርስ (ብኣቋራጭ ክሀብትም) ሃሰውሰው ዝብል ዘይእመን/ ሓደገኛ ሰብ'ዩ' ኢሉ ስለ ዝኣመነ፣ ፍቕራዊ ዝምድናኦም ብናጽነት ክሰስተማቕሩ ዕድል ኣይሃቦምን። ስለ'ዚ ርክቦም ብሕቡእ ቀጸልዎ። ንሓደ ዓመት ብኣማኢት ዝቝጸሩ ፍቕራዊ ደብዳቤታት ድሕሪ ምልውዋጦም ድማ፣ ብ1846 ተታሒዞም ጸለቑ። ኣቦ ኤልዛቤጥ ብሕርቃን ዝኣክል ንጓሉ 'ደገም ኣይጓለይን'ያ' ኢሉ ከሓዳ። ኣሕዋታ'ውን እንተኾኑ "ንሓደ ድኻ ኣራይ ወርቂ ተመርዕያ" ኢሎም ፈንፈንዋ። ይኹን'ምበር ኤልዛቤጥ ንቘጥዐ ስድራኣ እዚ ከይሃበት ኣብ ጎድኒ ሰብኣያ ደው ብምባል'ያ ኣብ ፍቕሪ ዝለዋ ጽንዕ እምነት ኣረጋጊጻ። ድሕሪ መርዓኦም ነዊሕ ከይጸንሑ ተተሓሒዞም ናብ ኢጣልያ ሃደሙ። ኣብቲ እዋን'ቲ ኤልዛቤጥ ጓል 40 ዓመት ሮበርት ድማ ወዲ 36 ዓመት'ዮም ነይሮም። ድሕሪ ምጽናሕም ጥዕና ኤልዛቤጥ ከምዝተመሓየሸ'ዩ ዝንገር። ፈለማ ካብ ለንደን ናብ ፒሳ እትበሃል ከተማ'ዮም ሃዲሞም። ድሕሪ ሓጺር ግዜ ግን ናብ ከተማ ፍሎረንስ ግዒዞም። ብ1849 ከኣ ወዲ ወለዱ። ኤልዛቤጥ ኣብ'ቲ ዳሕረዋይ ሂወታ፣ ልዑል ተቐባልነትን ዝናን ዘትረፈትሉ ብሉጽ ስራሓ Sonnests from Portuguese ብዝብል ኣርእስቲ ኣሕተመት። ትሕዝቶ ናይ'ዚ መጽሓፍ ኣብ'ቲ ምውቕ ፍቕሪ ዝመስለዮም ሓዳርም ዘተኮረ'ዩ ነይሩ።

ኤልዛቤጥ ኣብ ግዜ ዕረፍታ 1861 ዘመን ቪክቶርያ፣ ወርይቲ ገጣሚት ምንባራ ብሰፊሑ ይዝንተወላ። ሮበርት ድሕሪ ሞት ሰበይቱ ኣብ ኢጣልያ ዘቐመጥ ጉዳይ ኣይነበሮን። ስለ ዝኾነ ከይወዓለ ከይሓደረ ናብ መበቆል ከተማኡ ከተማ ለንደን ተመለሰ። ንሱ ንባዕሉ ናይ'ቲ ዘመን በዓል ዝና ገጣማይ ምንባሩ ኩሉ ዝምስክሮ ሓቂ'ዩ። ሞያኡ ብዝያዳ ኣብ ማእከላይ ዕድሚኡ'ዩ ኣገላቢሉ። "ተታሒዝና ብፍቕሪ ንእረግ፣ እቲ ዝበለጸ ብሕጂ'ዩ ክግለጽ።" ዝብል ግጥምታት ገለ ካብ ናይ ሮበርት ብራውኒንግ ግጥምታት ምጥቃስ ይከኣል።

## ዋዛ ፍቕሪ

ክልተ ፍቑራት ኩሉ ዕዱም ዝምስክረሉ 'ወናጅ ወራይ!' ዘበለ ጽምብል መርዓ ድሕሪ ምሕላፎም ሓደት ኣዋርሕ፣ ወያ መርዓት ሓደ እማመ ሒዛ ናብ ሰብኣያ ትቐርበልኩም።

ቅድሚ ቁሩብ እዋን፣ ንሓዳርና ብኸመይ ከም እነደልድል ዝሕግዙ ጽሑፍ ኣብ መጽሔት ምንባበይ ይዝከረኒ። ብመሰረት'ቲ ዘንበብኩዎ ጽሑፍ፣ ነፍሲ-ወከፍና ብዛዕባ'ቲ ካልኣይና ዘሕርቑና ደቀቕቲ ነገራት ብዝርዝር ክንጽሕፍ ኢና። ብድሕሪኡ ብዛዕባ'ቶም ዝጸሓፍናዮም ነገራት ብኸመይ ከም እንፈትሖም ብሓባር ኴንና ንመያየጠሉ። በዚ ድማ ሂወትና ዝሓገሰ ክኸውን'ዩ" ብምባል ንሰብኣያ ነገረቶ።

ሰብኣያ ብሓሳባ ስለዝተሰማምዐ ክልቲኦም ወወረቐቶም ሒዞም 'መጻምድተይ በዞም ጉዳያት የሕርቐኒ'ዩ' ዝብልዎም ነገራት ኣብ ምሕሳብ ተጸምዱ። ብዛዕባ'ዚ ሕቶ ድሕሪ ቝሩብ እናሓሰቡ ዘዘተራእዮም ሓሳባት ክጽሕፉ ኣምሰዩ። ንጽባሒቱ ንገሆ ኣብ ግዜ ቁርሲ፣ ነቶም ዝጸሓፍዎም ዝርዝራት ክንበቡ ተሰማምዑ። መርዓት ቀዳምነት ተዋህባ። ኣብ 3 ገጽ ምሉእ ዘስፈረቶ ዝርዝር ነገራት ከተንብብ ምስ ጀመረት ግን ኣዒንቲ ሰብኣያ ንብዓት ቋጺረን ረኣየተን። "እንታይ ጸገም ተርኺቡ?" ኢላ'ውን ሓተተቶ። "ዋላ ሓደ፣ ሰኽ ኢልኪ ደኣ ምንባብኪ ቀጽሊ." መለሰ መርዓዊ። ኣንቢባ ምስ ወድኣት፣ "ብወገነይ ወዲአ ኣለኹ፣ ናትካ ከኣ ክንሰምዖ" በለቶ ብፍሽኽታ። ሰብኣያ ግን ብህድኣት፣ "ዝጸሓፍክዎ ዝርዝር የብለይን። ከም እምነተይ ንስኺ ንዓይ ፍጽምቲ ኢኺ። ክትልወጥኒ ኣይደልን'የ። ኣዚኺ ተፈታዊትን ምቕልልትን ስለዝኾንኪ፣ ብዛዕባኺ ክቕየር ዘድልዮ ነገር የብለይን!" ክብል'ዩ መሊሱላ።

ወያ መርዓት ብቕንዕና ሰብኣያን ንዓኣ ብዘለዎ ዓሚቝ ፍቕርን ተተንኪፋ፣ ገጻ ንድሕሪት ጠውያ ብብኽያት ትነኽነኽት።

## ጥቕሲታት ፍቕሪ

- ብዙሓት'የም እቶም ዝረኣዩኒ ከም ኸብቡ፣ ኣብ ቅድሚ ዓይነይ ግን ከምኡኺ የላን ዋላ ሓንቲ።

ብሂል እንግሊዝውያን ኣብ ግዜ መርዓ

- ማዕረ ኣፍቃሪ/ት ዝዕበዩቱ ካልእ ቅዱስ ፍጥረት የለን ኢለ እምጉት ኣሎኹ።

ኦግዴን ናሽ

- ፍቕሪ ኣብ ዘይብሉ ናብራ ሃብታምን ድኻን ሓደ'ዩ።

ዘይተፈልጠ

- ፍቕሪ ማለት፣ ሓደ ሰብ ክፍለየካ እንከሎ ምስ ትናፍቖ፣ ግን ከኣ ልብታትካ ብሓደ ስለዘለዋ ቁሩብ ፋሕታ ምስ ዝስመዓካ'ዩ።

ከይ ክኡደሰን

- ሓደ ዘፍቀረ ሰብ ከመይ ኢሉ ጽምዋ ከምዝስመዖ ኣገዳሲ ዝገርም'ዩ።

ጆን ቡልወር።

CONGRA



ንዕለት 06/9/2014 መበል 18 ዓመትኪ እተብዕሊ ፍትውቲ ጓልና

## ፍልማዊት ናይዝጊ ኣብርሃ

እንቋዕ ናብዚ መሰጋገሪ ዕድመ ኣብቅዓኪ እናበልና፣ ኣብ መነባብሮኺ ምሉእ ጥዕና ኣብ ስራሕክን ትምህርትኽን ድማ ዓወትን ኣሳልጦን ይሃብኪ ንብለኪ!!

ወለድኺ፦ ኣቶ ናይዝጊ ኣብርሃ ሃብተማርያምን
ወ/ሮ ሄለን ተኽለን

happy birthday

ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ትርከብ ምጭው ወድና

## ናታን ኤርምያስ ኣብርሃም

ዕለት 21/08/2014 መበል 7ይ ዓመት ልደትካ እተብዕል ዘለኻ

ምስ ሓውኻ ዩኤል ኤርምያስ ኣብርሃ
ምስ ወለድኻ፦ ኤርምያስ ኣብርሃን ጸጋ ኣብርሃን

እንቋዕ ኣብጸሓካ እናበልና ጽቡቕ ዕድል ንምነየልካ

ዓባይካ ብርነሽ ገረሱስ እልፉ



Congratulations



ዮ ሃ ና

እንቋዕ ኣብቅዓካ!

ብዕለት 26/06/2014

ካብ ኢንስቲቱት ቴክ. ኤርትራ ብዓውዲ መካኒካል ኢንጅነሪን ዝተመረቕካ ሓውና

ኢንጅ. ቀሳነት ተኽለ

እንቋዕ ፍረጻማኻ ኣርኣየካ ንብለካ!!

ኣሕዋትካ፡ yonet brothers
ምስ ምሉኣት ስድራቤት



ብዕለት 3/8/2014 ቃል ኪዳን ዝኣሰርኩም

ዶ/ር ኣይዳ የማነ
ምስ
ኣቶ ዮውሃንስ ይሕደጎ

ፈረይትን ጸገይትን ክትኮኑ ሰናይ ትምኒትና እናገለጽና፡ ምውቕ ሓዳርን ብሩህ መጻእን ክኾነልኩም ንምነየልኩም

ስድራቤት ሌ/ኮ ዮናስ ገብረእግዚኣብሄር






ብዕለት 7/08/2014 ዓመት ልደትካ ዘብዓልካ ወድና

## ህያብ ገብረሂወት

እንቋዕ ናብ ዕለተ ልደትካ ኣብቃዓካ ህያብ እግዚኣብሄር ኢኻ'ሞ ብሩህ መጻኢ ሂወት ንምነየልካ!

ኣቦኻ ዶ/ር ገብረሂወት ጠዓመ
ምስ ኣሕዋትካ ቅሳነት ገብረሂወትን
እሰይ ገብረሂወትን



ብዕለት 10/08/2014 ልደትካ ዘብዓልካ ወድና

## ኤፈሶን ዮውሃንስ ተዓገሰ

እንቋዕ ናብ 1ይ ዓመት ልደትካ ኣብጸሓካ እናበልና ጽቡቕ ዕድል ንምነየልካ!!!!!

ሓወቦኻ ሳሙኤል ተዓገሰ

# ባህሊ፡ ዋሕስ ህላወን ቀጻልነትን

# ፈስቲቫል፡ ልዕሊ ቁጽርን ጽባቐን ዝኸይድ ጭውነት ህዝቢ

ጥዑምዝጊ ተስፋይ

ድሕሪ ናይ ልዕሊ ሰሙን ውዕውዕን ተፈታውን እንግዶት ኤክስፖ፡ ፈስቲቫል ኤርትራ እዛ ከይተመነወ ብ23 ነሓሰ ኣብ ኣዳራሽ ኤክስፖ ብወግዒ መጋረጃኡ ዓጸየ። እቲ ብጥበብት ማዕርግ ክሰላሰል ዝቐጸለ ሃገራዊ ፈስቲቫል፡ ኣብ ምዝዛሙ እውን ድሕሪ ዝኸሪ ሰሚዒታት ብዘሰዓበ ስነ ጥበባዊ እንግዶት እዩ ፈሊሙ።

ጉጅለ ባህሊ ኣብርሃ ባህታ "ሃረም" እትብል ናይ ዳዊት ተኽለሰንበት (ሸላን) ደርፌ ብምድጋም ዝመወስዎ ጸምብል መዘምሮ፡ ባህላዊ መዚቃን ትልሂትን ጉጅለ ባህሊ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ 'ሸሊል' ዝጽዓለን ደቂ ኣንስትዮ ከምኡ'ውን ብባህላዊ ልብሲ ዝወቀቡ ደቂ ተባዕትዮ ኣሰንያ "ዓድ ከኩይ" ብዝርእሰታ ባህላዊት ደርፌ ንዕዱማት ኣዛንያ። ረዚን ኣለም ብደቂ ኣንስትዮ ተላሃይቲ ተሰኒዩ "ዕምባባ'ኩም ክትፍተወኒ" እናበለ ድሕሪ ምዝያሙ ኩኡ ኣቦ መንበር ሃገራዊ ኣወሃሃዲት ሽማግለ በዓላት ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ቃል'ታ ሽማግለ ኣቕረበ። ምሉእ ትሕዝትኡ ኣብ ሳንዱቕ ርኣ።

ብድሕሪ መደረ ኣምባሳደር ዘመደ፡ ንኹለን ኮሚቴታት ብምውካል ጸማቒ ጸብጻብ ንጥፈታት ፈስቲቫል ዘቕረበ ኣቶ መኮንን ኪዳነ እዩ። ዝርዝር ናይ'ተን ብኣበርክቶኣን ብፍሉይ ዝተማሰገና ምምሕዳራት፡ ማሕበራት፡ መንግስታዊ ትካላት፡ ሚኒስትሪታት፡ ኮርፖረሽናት፡ በዓል መዚ. . . ምስ ተነበ፡ መደብ ምዕዳል ስልማት፡ መተባብዒን ናይ ኣበርክቶ ወረቐትን እዩ ሰዒቡ።

ምምሕዳር ዞባታት ካብ ኣደ ሚኒስተር ህንጻ ኣቶ ኣብርሃ ኣስፍሃ ስለ ዝበበራኦ ኣበርክቶ ኣርማ ገመል ተቐቢለን። ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ደረጃ ንዝወጽኣ ጉጅለ ባህልታት ሃማመተኤ ንኡሳን ዞባታት እውን ናይ ገንዘብ ወረቐት ምስክርን ኮነን ካልኡት ድማ ንመተባብዒ ናይ ገንዘብ ሽልማት ተዋሂቡወን። ጉጅለ ባህሊ ኣብርሃ ባህታ ድማ ቀዳመይቲ ኮይና ተዓዊታ። ንፈለማ እዋን ኣብ ፈስቲቫል ዝተኣታተወ ውድድር ኩዕሶ መርገብ ገምገም ባሕሪ፡ ኣብ ፈለማ እዋኑ ካብ'ቶም መሳጦት፡ ኣቓርቦታት ፈስቲቫል ክኾውን ከም ዝኸኣለ እውን ተገምጊሙ። ናይ ሎሚ ዓመት ምርኢት ምህዞን ሰንዓን መብዛሕትኡ ብትሕተ ዕድመ ህጻናት ዝቐረበ ከም ዝነበረ ክግለጽ ከሎ፡ ብበይረኛ ዕድመኦምን ፆታኦምን ወረቐት ምስክርን ገንዘባን ተሸሊሞም።

ሓደ ካብ'ቶም ንውድድራት ኤክስፖ ተፈታዊ ዝገበርዎ ከም ዝኾነ ዝተገልጸ ያታዊ ስፖርት እዩ። ኣብ ያታዊ ስፖርት ንዕዉታት ዞባታትን ውልቀ ሰባትን ሽልማት ዝተዋህበ ክኸውን ከሎ፡ ብውድድር ኣስቲ ዞባ ዓንሰባ፡ ብዘወሰጥ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ብሕንቆ ዞባ ደቡብ፡ ብገበጣ ሰለስ ዞባ ደቡብ፡ ብገበጣ ርባዕ ዞባ ዓንሰባ፡ ብቐልስ ዞባ ማእከል ቀዳሞት ኮይነን ዋንጫን ገንዘባን ክቕበላ ከለዋ፡ ብኣጠቓላሊ ነጥቢ ድማ ዞባ ደቡብ ንብሉጽ ያታዊ ስፖርት ዞባታት ብምዃን ናይ ዋንጫን ገንዘባን ሽልማት ረኺባ።

ንዝሰዓቡ ዕዉታት ሽልማት ዝዓደለት ሚኒስተር ቱሪዝም ወ/ሮ ኣስካሉ መንቀርዮስ እያ። ዕዉት ውድድር ቅብኣ ሚካኤል ኤልያስ ቀዳማይ ብምዃን ናይ ገንዘብ ስልማት ክረኽብ ከሎ፡ ኣብ ቅርጻ የውሃንስ ዓንደብርሃን መተባብዒ ገንዘብ ተቐቢሉ። ኣብ ኣደ ጥበብ ቀዳመይቲ ዝኾነት ዓወት ተኽሉ ናይ ገንዘብ ሽልማት ረኺባ። ዕዉታት ተወዳደርቲ ደረቕ ስእሊ ማሞን ምዃናምን ሽልማቶምን ካብ ሚኒስትሪ ዜና ክቕበሉ ምዃኖም ተገሊጹ።

ኣብ ውድድር ስነ ጽሑፍ ሓጻር ዛንታ፡ ኮሚቴ 13 ዛንታታት ንሕትመት ከም ዝመረጸት ክግለጽ ከሎ፡ ሰረበ እስቲፋኖስ ድማ ዕዉት ውድድር ሓጻር ዛንታ ሃገራዊ ፈስቲቫል 2014 ኮይኑ ሽልማቱ ተቐቢሉ።

ካብ ድራማን መዚቃዊ ድራማን ዝበለጸ ኮይነን ዝተመርጻ ብኤፍሬም ካሕሳይ (ወዲ ኳዳ) ዝተደርሰትን ዝተኣልየትን "ህያብ ደንደን" ቀዳመይቲ፡ ብሞሕመድ ዓሊ ሓሰብ ተደራሲ ዝተኣልየት "ጥዕስ ዲማ" ካልኣይቲ፡ ብኣርያም ወልደኣብ ተደራሲ ዝተኣልየት "ክልተ ዕላማ" ሳልሰይቲ ኮይነን ተረቒሐን።



ስ/የማነ ኣብርሃ

ኣብ ድርሰት ድራማ ዝተዋስኡ ሓቛይት ምንዳል ብቛንቋ ብሌን፡ መሓመድ ድኑፍን መሓመድ ቲታን ብቛንቋ ሕዳርብ፡ መሓመድ ዓሊ ሳልሕ ብቛንቋ ሳሆ፡ ንመተባብዒ ናይ ገንዘብ ሽልማት ተዋሂቦም።

ኮመድያን ሓጎስ ወልደዝብርኤል "ዞማይ"፡ የናስ ምሕረትኣብ (ማይናስ) ድማ "ዓለም" ብዝበሎ ኮመድያዊ ስራሓት ኑቢሲ ወከፎም ዕዉታት ብምዃን ሽልማት ተቐቢሎም። ኣብ ነዊሕ ኣዘንታዊ ድራማ ብኣስመሮም ጸጋብርሃን ተደራሲ ብኣጸቢሁት የውሃንስ ዝተኣልየት ድራማ "በትሪ ሓቂ" ቀዳመቲ ኮይና። ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ካብ ዝፈረዩ ዶክመንታሪ ፊልምታት ንምመያ ካብ ዝቐረባ፡ ብመኮንን ኪዳነ ተደራሲ ዝተኣልየት "ከበበ ናቕፋ"፡ ብመሓመድ ሰዒድ ዐስማንን ኣሕመድ ኣሰናይን ተደራሲ ብመሓመድ ኣሰናይ ዝተኣልየት "ሪኖት"፡ ተዓገሰ ፍረዝጊ ዝደረሰን ዝኣለየን "ዝኽሪ'ታ በጦሎኒ" ብሉጻት ተባሂለን ተሸሊመን።

ብኢጋጥሚ 20 ስነ ካብ ዝፈረያ ደርፍታት "ስሌና ክብል፡ (ኣይትበሉ ዋጭዋጭ)" ብዝተማስገነ ያረድ፡ "ፊቶቴምባቶ" ብመንግስተኣብ ጉብረገርግሽ፡ "ዝክረት ሓበን" ብኣሕመድ እድሪስ ዓፉ ሰለስተ ብሉጻት ኮይነን ናይ ገንዘብ ሽልማት ረኺበን።

ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ፈስቲቫል 10 ብሉጻት ደርፍታት ዝመመየት ኮሚቴ፡ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ዓመታት ዝፈረዩ ደርፍታት ብምውድዳር ሰላሳ መዚቃዊ ስራሓት ዝሓረየት ክትከውን ከላ፡ እተን ብበልጫኣን ንሽልማት ዝበቕዓ ዓሰርተ ደርፍታት ድማ ብቐደም ተኸተል እዘን ዝስዕባ እየን። ቀዳመይቲ "ልክዕ ከምቶም ገድሊ." ብየማነ ኣልኣዛር፡ ካልኣይቲ "ልበይ ረኺበ" ብዝተማስገነ ያረድ፡ ሳልሰይቲ "መሪና" ብዝተማስገነ ምክኤል፡ ራብዓይቲ "ኣሰፍትዒ" ብሰናይት ኣማኒ፡ ሓሙሽይቲ ደርፌ ኩናማ "ኣራንዮ" ብዮብዶ ሳልሕ፡ ሻዱሻይቲ "ክፍቅርየ ኸ" ብዘስራት ኣረጋይ፡ ሻውዓይቲ "ቸኮሌት" ብሰለሜ ማሕራይ፡ ሻሙናይቲ ደርፌ ሳሆ "ላለ" ብሓመድ ዓሰረ፡ ደርፌ ሳሆ "ኡማልከ ካፉ" ብኣሕመዲን ሰራጅን "ፊትዮሳ" ብፊሸን ጸጋይን ክልቲኤን ታሽዓይ፡ ደርፌ ትግረ "ዓጀ" ብጀላኒ እድሪስን "ወጋሕ ፈታሕ" ብየውሃንስ ሃብትኣብ (ወዲ ቀሪን) ክልቲኤን ዓሰረይ።

ኣብ ኣፋዊ ያታ፡ ቀዳመይቲ ዞባ ዓንሰባ፡ ካልኣይቲ ዞባ ደቡብ፡ ሳልሰይቲ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ኣዳራሽ ምርኢት ቀዳመይቲ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ካልኣይቲ ዞባ ደቡብ፡ ሳልሰይቲ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ደኳና ኣብይቲ ቀዳመይቲ ዞባ ጋሽ ባርካ፡ ካልኣይቲ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ሳልሰይቲ ዞባ ዓንሰባ፡ ኣብ ያታዊ ትልሂትን መዚቃን ብደረጃ ውልቀ ደምጻውያን ቀዳማይ ዒሳ እድሪስ ሺጋ ካብ ዞባ ዓንሰባ፡ ካልኣይ ኣማኑኤል ጎይትኦም ካብ ዞባ ደቡብ፡ ሳልሳይ ሑመድ ኢጋሕለ ካብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ክኾኑ ከለዉ፡ ኣብ ያታዊ ትልሂትን መዚቃን ድማ ቀዳመይቲ ዞባ ደቡብ፡ ካልኣይቲ ዞባ ማእከል ሳልሰይቲ ዞባ ዓንሰባ ኮይነን።

ወግዓዊ ምዝዛም ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ 2014 እምበኣር፡ ኣብ ናይ ምሸት ክብ ብዝበለ ስነ ስርዓትን ውዕውዕ መንፈስን ተዛዚሙ። ብድሕሪ ምዝዛም እውን ጉጅለ ባህልታት ብዒየላን ጸወታን ንቐጽሪ ኤክስፖ ኣማሚቘንኦ ኣምሰየን።



ስ/የማነ ኣብርሃ

## ቃል ኣቦ መንበር ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት



ንልዕሊ ሓደ ሰሙን እንመሃረሉን ተሞኩሮን ሓበሬታን እንለዋወጠሉን ከም ሓንቲ ስድራ ብሓደ ህርመት-ፍስሃ ብምዳርጋዝ ኣልቦ መንፈስን ጽባቐን ሃገራዊ ንግደት ፈስቲቫል 2014 ብልዑል መዓርግ ንዛዚሞ ኣለና።. . .

እንቋዕ ናብዚ ኣብቃዓና እናበልኩ ንኹላቶም ተሳተፍቲን ዕዱማትን ብስም ሃገራዊ ኣወሃሃዲት ሽማግለ በዓላት ክብ ዝበለ ምስጋናይ ኣቕርብ። ናይ ሎሚዘበን ፈቲቫል፡ ኣብ ኣስመራ፡ ኣብ'ዚ ቀጽሪ'ዚ ክቶቦድ ደንጉዩ ስለዝተወሰነ፡ ኣብ ኣዝዩ ሓጺር ናይ ምድላው እዋን፡ ብኣላ ተዓጻጻፊ ተወፋይነት ናይ ወደብቱ፡ ኣውራ ምምሕዳራት ኩለን ዞባታት፡ ዝጸንሐን መደባትን ዕማማትን ኣወዚፈን ዚ ሃገራዊ ምትእኽኻብ ቀዳምነት ብምሃብ ዘርኣያኦ ምትሕብባር ምስጋናና ይብጽሓየን።

ንፈስቲቫል ኤርትራ 2014፡ ኣብ ዝሓለፉ 8 መዓልታት ኣማኢት ኣሽሓት ህዝቢ ኪዳዑዎ። ቀጽሪ ኤክስፖ ኣብ ዘሀቦ ንግደን ኣገልግሎታትን ዝቐረበ 50 ትካላት ተሳቲፈን። እቲ ቁም-ነገር ግን፡ ልዕሊ ቁጽርን ጽባቐን ዝኸይድ ጭውነት ህዝቢ እዩ። ክንድ'ዚ ዝበዝሐ ህዝቢ ዝተሳተፎ ፈስቲቫል ብልዑል ጭውነት ምዝዛሙ፡ ክብረት፡ ባህሊ፡ ስልጣነን ክብርታትን ህዝቢ ኤርትራ ብህያው ዝማስከረ እዩ።

ፈስቲቫል ኤርትራ 2014፡ ካብ ዘኣንገዶም ዝዓበዩ መደባት፡ ንቈልዑን መንእሰያትን ዝምህርን ዘዘናግዕን ኮይኑ፡ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ቈልዑ፡ ምስ ወለዶም ኣብ'ቲ እናሰፍሓን እናማዕበለን ዝኸይድ ዘሎ ማእከል ትምህርትን ጻህሳስን ቈልዑ፡ ኣብ 5 ዓበይቲ ኣዳራሻት ተወዲቡ ዝቐረበ መደብ፡ ከምኡ'ውን ኣብ'ቲ ንቈልዑ ጥራይ ዝተሓዝአ ማዘናግዒን መጻወቲን ተሳቲፎም።

ኣብ መደምደምታ ኑቶም ብውህደት፡ ምርድዳእ፡ ተወፋይነትን ሰናይ ድልየትን ንኹሉ ጸቐጥታት፡ ድኻማትን ሕጽረታትን ተጻዊሮም ቅንያት ፈስቲቫል ዕዉት ንክኸውን ካብ ምድላዋት ክሳብ ምዝዛም ዝወደቡን ዘካተዱን ኣባላት ኩለን ኮሚቴታትን ተሓጋገዝቶምን ልዑል ምስጋናይ እናቕረብኩ፡ ብሓባር ዝፈጸምናዮን ዘፈጸምናዮን ክብሪ ናይ ኩላትና እዩ'ሞ፡ ደጊመ እንቋዕ ኣብቃዓና።

"ባህሊ፡ ዋሕስ ህላወን ቀጻልነትን"
ዝኽሪ ንሰማእታትና!
ዓወት ንሓፋሽ!"

# ደሃይ ፌስቲቫል



ፌስቲቫል 2014

ቁሸት ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ












ስእሊ፡ ሄርሞን መኮንን ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ
ዲዛይን፡ ታእዛዝ ኣብርሃ




# መደንዘዚ

ደራሲ፡ ዳን ኣቢ'ነሎሉ
ተርጓሚ፡ ኣማረ ወልደስላሰ

ፈለማ ግዜ ዝበሃል ኣዎር ኣብ ዘይፍለጠሉ ዘመን ከም ዘለኹን ኣብ ምድሪ ዝዓደድ ምንቅስቓስ'ውን ሃውራዊ መልክዕ ከም ዘለዎን ተሳእለኒ።

ሽዑ፡ቀይዲ ብዘይ ኽኡትን ዘዘብታተነ ኣስራርሓን ከም መለለዪ እቲ ዘመን ኩይናም ኣገልገሉ። ኣብ መንነ ህይወትን መንፈስን ዝበረ ርክብ ድማ ምህሙን ኩኑ።

ድሕሪ ቀሩብ ጽልኢ ተኣታተወ። ውድድር እተባህለ ሓዲሽን ሓደገኛን ክስተት ከኣ ኣብ ኩሉ ስፍራ ተሰፋሕፍሐ።

ክንዲ ዝኾኑ እዚ ኣብ ምድሪ ከም ፍሉይን ኣንደበተ ርቱዕን ዝፍለጥ ፍጥረት ሰብ ንሓድሕዱ ተኹሳተረ።

ኣብቲ ግዜ'ቲ በላሕቲ ሰበት ዘድልዩ ምኳናም ካብ ዝኾነ ግዜ ንላዕሊ ብግልጺ ተኸስተ። ብመሰረቱ እቲ ግዜ'ቲ ኣብ ዓለም ሕማቕ ኩነት ኣስፈነ።

እዛ ተሓሪሳን ተደኲዓን ምህርቲ እተሕፍስ ምድሪ ከፍኣት። ፍረ ዝበሃል ፈጺማ ምሃብ ሓንገደት። ወላዲት'ውን ንህጻውንተን ጸብ ምጥባው ኣቋረጸ።

ንሱ ከይኣክል፡ ሃገር ክከላኸሉ ተሰፉ ዝተነበረሎም ጀጋኑ ኑቲ ዝኑደመ ሳንጃኦም ጥራይ ሒዞም ተረፉ። በላሕቲ ሰበት ዘድለዩ እምበር እዚ ኹሉ ክሕወዩ ስለ ዝተደልየ'ዩ።

ይኹን እምበር፡ ሃዋ በላሕቲ ሰበት መን'ዩ ክጽውዖም? ከቢድ መዋጥር ተኸስተ።

ሃዋ በላሕቲ ሰበት ዝጽውዕ ሰብ ንምርካብ ዕጫ ክወድቐ'ዩ ተባህለ። ሓደ ካህን ዕንቍታቱ ብሽሊ ሓርማዝ ናብ ዝተሰርሐ ሰሌዳ ወርወሮ።

ኑቲ ወጽኢት ድሕሪ ምንባብ ድሙ ንኣጻብዕቱ ናባይ ገጹ እናወጣወጠ፡ "ንዓ ኺድ ሃዋ በላሕቲ ሰበት ጸውዖዮም። ንሶኻ ዚ መልኸቲ'ዚ ክትፍጽም ተቐቢእካ ኣለኻ" በለኒ።

ኩለን ኣዒንቲ ኣብ ገጸይ ተተኸላ። ኣጻብዕቲ ኩሎም ምእመናን ድማ ናባይ ገጸን ኣመልከታ። ስሙርን ሓደ ዓይነት ትሕዝቶን ዝሓዘ መልእኽቲ ድማ ተመሓላለፈ።

"ንዓ ቀልጥፍ፥ ሃዋ በላሕቲ ሰበት ጸውዖዮም!"

ግዜ ከየጥፋእኩ፡ ኣብ ቅድሚ ምእመናንን ዓበይቲን ሰበትን ተንበርከኽኩ።

"እዚኣን ሽውዓተ ዛዕጉል እየን፡" እቲ ካህን ቁጺሩ ኣረከበኒ። "እዚ ማለት፡ ሽውዓተ ኣኽረናት ንምስጋር ሽውዓተ ትንፋስ ከድልየካ'ዩ ማለት'ዩ።"

ካህን ንዘዘሊ ሽውዓተ ዛዕጉል ኣብ ገምዚኣን ክውሕጠን ከም ዝግባእ ብምዝኽኻር ኣዘዘ። ድሕሪኡ ካብ ጭሕሙ ሓንቲ ጨጉሪ በንጢሱ ኣጨበጠኒ።

ናብ ሓደ ብቖርበት ዝተሰርሐ ቦርሳ ኢዱ ድሕሪ ምእታው ድሙ ሰለስተ ካዕበ ዓቲሩ ኣውጽኡ። ድሕሪኡ ካልእ መምርሒ ክመሓላልፈለይ ጀመረ።

"ስማዕ! እዘን ትርእየን ዘለኻ ሰለስተ ደምዒ እየን። በዘ ቀዳመይቲ ልቦና ተቃልሕ፣ በዘ ካልኣይቲ ትብዓት፣ በዘ ሳልሰይቲ ድማ ጽባቐ ተጋውሕ" ክብል ኣብርሃለይ።

ቀሩብ ድሕሪ ምሕሳብ ድማ ካልእ መምርሒ ኣሰዓበ።

"ዚ ዕማም ክተሳልጥ ምስ ጀመርካ፡ ዓለም፡ ብዙሓ ወርሓ ከዘዝናኽረካ'ያ። ክትፈልጥ ኣብዘ ዓለም ሓደ ሰብ ምስ ሓለፈ ካልእ ሓዲሽ ከኣ ይፍጠር።

እቲ ካህን መምርሒታቱ ኣመሓላሊፉ ምስ ወድአ ኑተን ህይወት ዝሽኹዓ ፍረታት ውሓጥኩወን። ኣብ ማዕርሖ ምውሓጥ እንክለኹ ብስርዓት ዝዉቃዕ ከበሮ ኣቃልሐ።

ድሕሪ እቲ ወቒዒት ከበሮ ኣይደንገኹን ካብ ሰብ ናብ መንፈስ ተሰጋገርኩ። ክቱር ሓገስ ዝመልኦ ትንፋሰይ ድማ ኣብ ውሽጢ ሰበተይ ዝተሰኸዐ ኩይኑ ተሰምዐኒ።

ሓንጎለይ ተበጻበጸ። ኣብ ሕልናይ ድማ ኩሉ ነገር እናተጠወየ ተሳእለ። ምድሪ ሰማይ ብጸልማት ተጎብአ። ኣዒንተይ'ውን ተዓመታ። ኣእዛነይ፡ ካብ ገለ ደልሃመት ንዚጋዋሕ ደምጺ ነጉድጓድ ሰምዓ። መብረቐ'ውን ተራእየኒ።

እዚ ክስተት'ዚ እንክፍጸም፡ እናተንሳፈፍኩ ናብ ሰማይ ዓረግኩ። ኣብቲ ህሞት'ቲ ርእሰይ በቲ ዝነብጥ ዘሎ ማዕበል እናተሃወ ስለ ዘሸገሮ፡ ከም ካብ ኣካለይ ተመንጢሉ ዝፍለ ከረው ኣብለ ዓትዓትኩዎ።

ድሕሪኡ፡ ብዙሕ ከይደንጎኹ ከም ንገስ ተቐቢሎኩ። ጨጉሪ ርእሰይ ብቖኖ ተጠናገ። ከርጠን ዕጣንን ኣብ ቅድመይ እናተሸሸ ኑቲ ኣብ ከብደይ ዘሎ ኣየር ፍሉይ ጨና ለኸሰ።

ርእሰይ ብዑንቂን ወርቂን ወቀበ። ኣእዳወይ ብጠዋይትን ብናጽር ተመልኣ። ኣእዛነይን ኣፍንጫይን'ውን መጸብቐ ዝኾውን ነገራት ለገበ።

ኣብ መላእ ሰበተይ ዝጠበቐ መቑናጅዊ ንመልክዐይ ኣድመቖ። ኣምሓረለይ ከኣ። ብፍላይ ወርሒ እንክትቅልቀል ኣጸቢቑ ተኹላዐ።

ኣብቲ ከም ጻሕሊ ዝጠቀረ ክሳደይ፡ ካብ ጀወሃር ብዝተሰርሐ ሰንሰለት እተንጠልጠለ ቀዩሕ ሕብሪ ዘለዎ ክቡር እምኒ ለገበ።

መላእ ሰበተይ ብኣመላኻእቲን ኣማዕሮዝቲን ከም ዝወቀበ እናተፈለጠኒ እንክሎ ሓደ ኣጉዳሲ ደሃይ ዝሰማዕኩ መሰለኒ።

"እዚ መደንዘዚ ይበሃል። መደንዘዚ ኣብ መንጎ ሞትን ህዩትን ከንብሩ ብዘኽእሉ ንጥረነገራት ዝተቓመመ ስፍልጡታዊ ጭኣታ'ዩ።"

ሽዑ፡ ኣብ ቅድመይ ሃሳስጸላዕትን ዝቁጸጸሮ ሳዕሳዕቲን መጸ። ኩለን ከኣ ክሳዕ መዓጢቐአን ክዓና ኣልቦ ኩይነን ተራእያ።

ንኣተን እንክዕጭፍራ ኑቲ ናይ በረኻ መሬት ብእግረን እናጉሓጥ ኣብዝንኦ። ድሕሪ ብዙሕ ሓለኽለኽ ድማ ሰበተን ብረሃጽ ተሓጸበ።

ኣብቲ ህሞት'ቲ በላሕቲ ሰበት ንምእላሽ ተላኢኸ ከም ዝነበርኩ ትዝ በለኒ። ንኣተን ዝስዕዖ ዝነበረ ምእንቲ ክፋንዋ ስለ ዝደለየ ኩይኑ'ውን ተረድኣኒ።

ንመልእኽተን ዝፈለጥኩ ክማሰል ድሙ እናተዓዝዘኩ ተሰናበትኩወን። ድሕሪኡ እዝሐይ ኩር እንተበልኩ ደምጺ ዝንቀሳቐሳ መኻይን ውትፍ በለኒ።

እዚ ደምጺ ካብቲ ኣቐዲሙ ዝበጽበጸ ሕልማዊ መሰል ሃተፍተፍ ፈጺሙ ኣይፍለን። ብምቕጻል ዝተራቐቐን ዝተቐነበረን ደምጺ መዚቃን መጸኒ።

ኑቲ ኣብ እዝሐይ ዝተኣንገደ ባህ ዘብል መዚቃ እናሰማዕኩ ከለኹ ዝስዕዖ ኣዋልድ'ውን ተራእያኒ። ንዐአን ምድረብዓ ዝፈጠሮ ወርወርታ የዕንድረን ኣሎ ክብል ሓሰብኩ።

ዚ ፍጻሜ'ዚ ከበሮ ዓይነይ ከፊተ ክዕዘቦ ኣይከኣልኩን። እናጸንሐ ስሪንጠር ኩይኑ ዝመሳለስ ክስተት ምእንጋድ ባህ እናበለኒ እንክሎ ክርእዮ ዘይምምራጸይ ግን ኣሰንበደኒ።

ኣብቲ ህሞት'ቲ ኣብ ምሕርቓም ኣተኹ። ድሕሪኡ ከም ዕቡድ ክስራሕ ጀመርኩ። ካብ ቀጻጸር ወጺኤ ብዘኾነ መገዲ'ውን ተሓመስኩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ማእከል መታልሒይ ሳልሳይ ዓይኒ ዘበቑልኩ ኩይኑ ተሰምዐኒ። ብኡንብኡ እቲ በረኻ ክሰናጠቕ ከሎን ሰለስት ግረታት ክንቀሳቐሱ ከለዉን ተራእዩኒ።

ሕብሪ ዓይኒ እቶም ግረታት ይፈላለ'ዩ። ናይቲ ሓደ ቀይሕ፥ ናይቲ ካልኣይ ቀጠልያ፥ ናይቲ ሳልሳይ ድማ ደሙቕ ሰማያዊ'ዩ። ኣእጋሮም'ውን ነዊሕ'ዩ። እቲ ቀዳማይ ሓደ፥ እቲ ካልኣይ ክልተ፥ እቲ ሳልሳይ ድማ ሰለስተ ኣእጋር ኣለዎም።

ኩሎም ክትንከፉኒ ደለዩ። ሽዑ ወጨጭኩ። ተበራበርኩ ኸኣ። መላእ ሰበተይ'ውን ብረሃጽ ተሓጸበ። ኣብቲ ግዜቲ'ውን ንሓበሰይ ቀልጢፈ ኣይፈለጥኩዎን።

እሓልም ከም ዝነበርኩ ግን ክስወጠኒ ጀመረ። ድሕሪኡ ክውን ነገር ክስተማቐር ጀመርኩ። ኣብ ገጻይ ዝሕርንኽ ሰብ ከም ዘሎ ተፈለጠኒ።

ክሳደይ ጠውየ እንተ ተዓዘብኩ ንጀምስ ክራውፎርድ ረኣኹዎ። ንሱ ካብ ለባሰ ኣንጀልስ ዝመጸ ሕሙም'ዩ። ንመጥባሕቲ ኣብ ዝተዳለወ ባሬላ ደቂሱ ከም ዘሎ ድማ ኣስተብሃልኩ።

ሰከ ርእሲ ዘፍውጽ ሕማም ስለ ዝሓዘ፡ ኣብ ኒውዮርክ ኣብ ዝርከብ ሕክምና ተዓቒቡ'ዩ ዝነበርኩ። ኣይደንጎኹን ቀልጢፈ ተንሳእኩ። ብሰንደልደል ናብ ሓደ ማዕኩት ተጸጊዐ ድማ ኣብቲ ሰላም ዝሰፈኖ ግዳም፡ በረድ ይወድቕ ከም ዘሎ ተዓዘብኩ።

"ናብ ገዛይ ክኸይድ ኣለኒ።" ኣሕሸሸሸሸኹ። "ኣብ ገዛ እደለ ኣለኹ" ኣብ መወዳእታ ዝተዛረብኩዎ ሓረግ'ዩ።


# መማኽርቲ

ሳሙኤል ገብረብርሃን

## ነብስና ብኸመይ ከነመሓይሽ ንኽእል?

ናብ ሕሉፍ ተመሊስ፡ ዝተፈጸመ ጉዕዞ ክቕይር ዝኽእል ወላሓደ የለን። እንተኾነ ሎሚ ሓድሽ ጉዕዞ ጀሚርካ፡ ዓወት ወይ ድማ ሓድሽ ምዕራፍ ክትከፍት ትኽእል ኢኻ። እዚ ክንገብር እንተኾይና ግና፡ ነብስና ብኸመይ ከነመሓይሽ ንኽእል? ንገለ ካብዚ ተዘርዚሩ ዘሎ ነጥብታት ክንተግብር ይግበኣና።

**1. ንዓኻ ምስ ዘይመስሉ ሰባት ካብ ምኻድ ተቖጠብ**



ህይወት ሓጺር'ያ። እሞ ንምንታይ ደአ ኑፆም ካብኻ ሓኺስ ዝወሰዱ ሰባት፡ ነታ ሓጺር ህይወትካ ንኽፆግረቱ ዕድል እትህቦም? ሓደ ሰብ እንተ ደአ ኣብ ህይወቱ ዝደልየካ ኮይኑ፡ ናይ ግድን ባዕሉ ቦታ ክህበካ'ዩ። ቦታ ንኽትረክብ ዘይተደልየ ጻዕሪ ኣይተካይድ። ህላወኻትካን ክብረኻን ዘለኣእስ እንተኾይኑ ግን፡ ንምንታይ ከንቱ ጻዕሪ ተካይድ። ሓደ ነገር ክትዝክሮ ዘለካ፡ ኩሉ ግዜ እቲ ኣብ ጎንኻ ጠጠው ዝበለ፡ ኣብ ግዜ ሓጎስካ ዝቐርበካ ዘይኮነሲ፡ እቲ ኣብ ግዜ ጸገምካ ምሳኻ ዝኾፈለ'ዩ።

**2. ካብ ሽግርካ ምህዳም ኣቋርጽ**

ንሽግርካ ርእሰኻ ኣቐሪዕካ ግጠሞ ደኣ እምበር፡ ጭራኻ ደጉልካ ኣይትህደመሉ። እቲ ሓያል ዝበሃል ሰብ፡ ንኹሉ ዝመጾ ብድሆታት ይኸኣኸል'ዩ ክበሃል ኣይካኣልን። ንሽግሩ መመሊሱ ስለ ዘኮጥሞን ቀስ ኢሉ ስለዘፈትሖን'ዩ ሓያል ዝበሃል። ሰባት ክሳብ ዝኾና ድማ ክንሓርቕ፡ ክንጉሂ፡ ክንጉዳእ ከም'ኡ'ውን ክንወድቕ ንኽእል ኢና። ንዝሎካ ሽግር ብምግጣም፡ ካብኡ ተማሂርካ ናብ መፍትሒ ምምጻእ'ዩ። ምኽንያቱ፡ እቲ ኣገዳሲ ነገር ኣብ ህይወት...ከመይ ተዓዊትካ ትወጽእ ስለዝኾነ።

**3. ንብሰኻ ምሕሳው ኣቋርጽ**

ንኣብ ዝተፈላለየ ኩርናዕ ዓለምና ዘሎ ሰብ ክትሕስው ትኽእል ኢኻ። ንብሰኻ ክትሕሱ ግን ኣይትኽእልን። ህይወትካ ክተመሓይሽ እንተደአ ኴንካ፡ ዘለዉ ዕድላት ተጠቐም። እቲ ናይ መጀመርያን ከቢድን ክንወስዶ ዘዎግበኣና ስጉምቲ ምስ ነብስና ቅንዕና ክህልወና'ዩ።

**4. ድልየታትካ ኣይተወግዝዎም**

እቲ ዝኸፍአ ክንገፍና ዝኽእል፡ ኣብ መስርሕ ምፍቃር ካልኦት ሰባት ንብሰኻ ክትርስዕ ከለኻ'ዩ። ኣብዚ ሀሞት፡ ኑበስኻ ከም ሓደ ብሉጽ ህያብ ኣምላኽ ምፍጓንካ ንኽትርስዖ ትግደድ። ንዓኻ ዘገድሰካ ገለ ክትገብሮ ዝኾበኣካ ነገር እንተሎ፡ እቲ ትኽእል ግዜ ሕጂ'ዩ።

**5. ንዝኡርኣሰኻ ምስሊ**

እቲ ዝኸፍአ ነገር፡ ጸዒርና ኑበስና ቀይርና ንኻልኦት ሰባት ዝመስል ምስሊ ክንሕዝ ንደሊ ብምኻና'ዩ። ኣብ'ዛ ዓለም እዚኣ ካብኻ ዝጽብቐ፡ ካብኻ ዝፍልጠ ከም'ኡ'ውን ካብኻ ዝንእስ ሰብ ኣሎ። ግና ንሶም ንስኻ ክኾኑ ኣይክእሉን'የም። ሰብ ንኽፈትወካ ኢልካ ኣይትቐየር። ንስኻ ንዝ ርእሰኻ ምስሊ እሞ፡ እቶም ሓቀኛ ሰባት ድማ ክፍቅሩኻ'የም።

6. ኣብ ሕሉፍ ሂወትካ ኣይትድረቕ

ቀዳማይ ምዕራፍ ናይ ሓንቲ መጽሓፍ ደጋጊምካ እንተኣንቢብካያ፡ ናብታ ቀጻሊ ምዕራፍ ክትቅጽል ኣይትኽእልን። ስለ'ዚ ኣብ መጻኢኻ ዝያዳ ኣተኩር።

7. ጌጋ ንከይትፍጽም ኢልካ ካብ ምፍራሕ ተቖጠብ

ሓደ ነገር ሰሪሕካ ወይ ፈጺምካ ጌጋ ወጺኢት ምስ ዘምጽእ፡ ካብ ዘይምፍታን ብዐሰርተ ኢድ ከም ዝሓይሽ ተገንዘብ። እቶም እንርእዮም ዕውታት ሰባት፡ ናብ መጠነ. ታሪኾም እንተደኣ መጺእና ጌጋታት ከምዘዘበርዎም ዘጠራጥር ኣይኮነን። ጌጋታትና ድማ ናብ ቅኑዕ መንገዲ ከምርሑና ከምዝኽእሉ ክንግንዘብ ይግበኣና። ዘይገበርኩዎ ኢልካ እትጠዓስ ካብቲ ዝገበርካዮ ኣዝዩ ስለዝኸፍአ ኣብ እዋኑ ፈጽሞ።

## ብዛዕባ ባትሪ እንታይ ትፈልጡ?

ባትሪ ዕቑብ ወይ ዕቑር ጸዓት ኤሌክትሪክ እዩ። ከም'ኡ ስለዝኾነ ድማ ክልተ ርእሲ ክህልዎ ከሎ ንሱ'ውን ድማ ነጋቲቭን (kathode) ፖዘቲቭን (aniode) ተባሂሉ ይጽዋዕ። ክልተ ዓይነት ባትሪ'ውን ኣለዋ። ንሳተን፣

- ንቑጽሪ ባትሪ ማለት ሓደ ግዜ ተመሊኡ ዝሙቱ ወይ ዝጉሓፉ

- ጸዓተን ምስ ዝጸንቐቐ ደጋጊምካ ትመልኦም ተመላኢ ባትሪ (ክሳብ ልዕሊ 1000 ግዜ ዝምላኡ) ባትሪ ኣለዋ። ግን ምስ ብዙሒ ደጊምካ ምምልኦም ዓቕሚ ዝዕቅብዎ ጸዓት እናነከየ ዝኸይድ።

ታሪኽ ባትሪ ኣብ 18 ዘመን 1789 እዩ ዝጀምር። ሓደ ኢጣልያዊ ናይ ኣካላት ተመራማሪ ፕሮፌሰር Luigi Galvani ወዑይ ዝተጠበሰ ናይ እንቅርዖብ ሰለፍ ብኣስራዚ ብምትሓዝ ኣብ ሓደ ሓጺር ኣንጠልጢሎ'ሞ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ድማ እቲ ሰለፍ እንቅርዖብ ከንፈርፍር ተዓዘበ። ብትዕዝብቱ ድማ እቲ ናይ እንቅርዖብ ሰለፍ ጸዓት ኤሌክትሪክ ዓቂቡ ኣሎ ኢሉ ገመተን ኣመነ። ኮይኑ ግን እዚ ትዕዝብትን እምነትን ቅኑዕ ከም ዘይኮነ ሓደ ኣሌሳንድሮ ቮልታ ዝተባህለ ሊቅ ድሕሪ ቅሩብ ዓመታት ኣረጋገጸ።




እቲ ቅኑዕ ኣገላልጻ ድማ ኣየም ክልተ ኣሰላፍ እንቅርዖብ ብሓደ ግዜ ክልተ ዝተፈላለዩ ሜታላት ምስ ዝትንክፉ ጸዓት ኤሌክትሪክ ከምዝፈጥረን ብሓጺሩ ካብዮም ሜታላት ከዘምፈልፈለን ወይ ከምዝተወልደን እዩ።

ኣብዚ እዋን'ዚ ዝተፈላለዩ ሜታላት ወይ ኣካላት ብምውሳብ ዝበርከተ ጸዓት ክርከብ ተኻኢሉ ከምዘሎ ይፍለጥ። ብሰንኪ ናይ ባህርያት ብCO2ን ጣቓ ጋዝን (fine dust) ብኸላ ድማ ዝተፈላለየ ተመራመርቲ ኣካላትን ኢንዱስትሪታት ብባትሪ ዝሰርሓ መኻይን ኣብ ምስራሕን ምፍታንን ደርከቡ። ዓቕምን ሓይልን ባትሪ ድማ ክብ እናበለ ይኸይድ ኣሎ። ስለዚ ጸዓት ባትሪ ንኤሌክትሮኒክ ኣቕሑት ንምንቅስቓስን ህይወት ንምሃብን ጥራሕ ዘይኮነ ንመካይንን ተሽከርከርትን ከንቀሳቕስ ይጀምር ኣሎ። ብፍላይ ድማ ነተን ኣብ ወሽጢ ከተማታት ዝንቀሳቐሳ ማካይን (ብዙያዳ ከም ኣውቶቡስ) ብባትሪ ምንቅስቓስ ዓቢ ናይ ጥዕና ሓገዝ ይህብ። ብፍላይ ትኪ ናይ ዲዝልን በንዚንን ማካይን (fine dust) ናይ ሳንቡእ ሕማማት ከምዝስዕባ ካብኡ ሓሊፉውን ናይ መንቀሊ ሕማም መንሽሮ ክኸውን ከምዝኽእል ብተመራመርቲ ይሕበር።

ምንጪ፦ www.2know.com

## ካብ ፍትሕ ብኸመይ ትድሕን?

ምስ መጻምድትኻ ዘለካ ዝምድና ኣብ ሕማቕ ኩነታት እንተደኣ ኣሎን፡ ፍትሒ ከም ኣማራጺ ክትርእዮ እንተጀሚርካ፡ ስጉምቲ ቅድሚ ምውሳድካ ሓዳርካ ንምድሓን ክኢላታት ስነ-ሓዳር፡ እዞም ዝስዕቡ ምኽሪ ይልግሱልካ።

1. ምስ መጻምድኻ ብፍቕሪ ተራኸብ። እታ መጀመርያ ከተፍቅራ እንከለኻ ዝነበረት ሀሞት ብምዝካር ድማ ጽን ኢልካ ስምዓያ። መዓልታዊ ወላ ን15 ደቒቕ ዝኸውን ግዜ ብዛዕባ ዝምድናኹም ተዘራረቡ። ኣብ'ዚ ሀሞት ፍቕርኻ ኣርእያ፡ ንኣበርኦ ኣቐዲምካ ብምትንኣእ ነቲ ንሳ ወትሩ እትገብሮ ዝነበረት ነገራት፡ ባዕልኻ ብምግባር ሓልዮትካ ኣርእያ።

2. ቀጻሊ ንመጻምድትኻ ንኣዶ። እዚ ድማ ኣብ በይንኹምን ምስ ካልኦት ሰባት ኣብ ዘለኹምሉን ክኸውን ይግባእ።

3. መጻምድኻ በቲ ክፍቅሮ ዝደልዮ መንገዲ ኣፍቅሮ። ብዙሕ ግዜ ዚጋጥመና፡ እቲ ንዓና ደስ ዝብለና ነገራት ንመጻምድና'ውን ዘደስቶ'ዩ ዝመስለና። እንተደኣ ንዓኻ ቀያሕ ዕምባብ ደስ ኢሉትካ ገዚእካ ሂብካያ፡ ንሳ ግን ፐዝዙብ ሕብሩ ከምዝፈተሸካ ክትቆጽሮ ትኽእል ኢያ። ድሌታታ ጸቢቕ ገርካ ኣጽንዕ።

4. ቁመናኻን ኣከዳድናኻን ሓሉ። ንመጻምድትኻ ኩሉ ግዜ ገሪምካያ መልከዕካን ተረኢያ። ኣድላዪ እንተደኣ ኮይኑ'ዉን ስፖርት ግበር።

5. ኩሉ ግዜ ንመጻምድኻ እሙን ኩን። ፈተና ኣብ ዘጋጥመኩም ግዜ ብሀድኣት ክትሰግሮ ፈትን።

6. ደስ ዝበለኩም ነገራት ኣጽንዕኩም ብሓደ ግበርዎም። ንኣብነት ስፖርት ወይ'ዉን ካልኦት ንጥፈታት። እዚ ንዝምድናኹም ኣብ ምትራር ዓቢ ግደ ኣለዎ።

7. ዓርኪ መጻምድኻ ኩን። ኩሉ ወሸጣዊ ስምዒታትካ ከይሓብኣካ ግለጸሉን ኣካፍሎን።

8. ንመጻምድኻ ናይ በይኑ ግዜ ሃቦ። እቲ ምንታይ ናይ ግድን ኣይኮነን ኩሉ ግዜ ድሌታት ክልቴኹም ሓደ ዓይነት ክኸውን።

9. ህያብ ምልውዋጥ ዋላ'ኳ ጸቡቕ እንተኾነ፡ እንተደኣ ዝምድናኹም ክሳብ መውዓእታ ክዘልቕ ደሊኹም ግን ኣብ ኻሲ-ወከፍ ዓመት ነተን ቃልኪዳን ክትኣስሩ እንከለኹም ቃል-መሓላ ዝፈጸምኩምለን ቃላት፡ ክልቴኹም ብሓደ ብምንባብ እንደገና ቃልኩም ኣሐድሱ።

10. ወላ ዝምድናኹም ሕማቕ ይኹን መዓልታዊ የፍቕረኪ'የ በሎ። እዚ እንተገርካሲ ምስ መጻምድኻ ዝመቀረ ህይወት ክተሕልፍ ኢኻ።



### ገብረ ጸምቡሩኺ

ካብ ኣዕሩኽ ልባስ
ተኣፍቲሩ
ዝንዋ ኢሉ ምሒር ሸኻኺሩ
ቀይሕ ጨርቂ ኣብ ግምባሩ
ኣሲሩ
ኣላገሱ ናብቶም ከበሮ እናሃረሙ
ዝዕጥኑ፡
ጢን ተሰሪሑ፡ እንቅዳ ማስተ ሰትዩ
ኣብ ዘይፈልጦ ዘይጥይቖ
ዳስ ኣትዩ
ክልህ ድማ ጀሚሩ
ጻሕጋር ጻሕጋር እናበለ
በቲ ጸልፋዕ እግሩ
ምስ ኣቦ ጓይላ ተናሂሪሩ
ስለዘይጎደለ ኣዲብ ገይሩ፡
ምስ ሰመሩ ምስ ሊያ
ብከበሮ ክዋጠጥ ኮይኑ ትሓልፍያ!
ጻሕጋራይ ኣብ ሳዕስዒት
ብላሽ ኣብ ከበሮ ወቓዒት
ምስ ሰብ በትሪ ክዋጠጥ
ክሰሓሓብ ምስ ሰብ ዄላ
ታሕሚሰ ኣእትዩላ ንወዮ ጓይላ!
ገብረ ጸምብሩኺ፡ ወዲ የብሉ
ግዲ
ኣብ ዘይዳሱ ብምዕኣሉ
ሃመማ ተባሂሉ!

ኣብኑዳን ካብ
ኣስመራ

# ስፖርት

የናታን ገብረሂወት
yogh@zena.gov.er

## ሸንገር፡ "ንሳንቸዝ ብምፍራመይ ኣይጭነቕን'የ"





- ***ኣርሰናል ሎሚ ኣንጻር ኤቨርተን ኣብ ሓሙሽተ ጸወታታት ብዘይዓወት***
- ***ራምሲ ኣብ ዳሕረዎት ሓሙሽተ ግጥማት ራብዓይቲ ሸቶኡ የመዝግብ***
- ***ቅድሚዚ ናይስሚዝ ኣብ ክልተ ጸወታታት ካልኣይቲ ሸቶኡ ኣቖጺሩ***
- ***ክልቲኦን ጋንታታት ኣብዚ ዓመቱ ውድድር ኣብ ክልተ ጸወታታት ኣይተሳዕራን***

ስታድዮም ጉዲሰን ፓርክ ኣብ ዘአንገዶ ግጥም ፕሪመር ሊግ፡ ንቐዳማይ እብረ ዝዓብለለት ኤቨርተን ኣብ መበል 19' ሲማስ ኮሊማን ኣብ መበል 45' ከኣ ስቲቨን ናይስሚዝ ብዘመዝገብወን ሸቶታት መሪሕነት ሒዛ ነይራ። ኮይኑ ግን ድሕሪ ዕረፍቲ ተጎቲቒሓ ዝቐረበት ኣርሰናል ኣብ መበል 83' ከምኡ'ውን 90' ደቒቕ ካብ ኣሮን ራምሲን ኦሊቨር ጂሩድን ብዘረኸበተን ሸቶታት ክትመዓራረ ብምኽኣላ፡ ኤቨርተን ኣብ ጉዳእ ሜዳኣን ኣብ ቅድሚ ደገፍታን ንዓወታ ርእያ ስኢናቶ - ኣብ ዳሕረዎት ሸውዓተ ደቒቕ ብምፍሻላ።

ኣሰልጣኒ ኣርሰናል ኣርሰን ሸንገር ኣቐዲሙ ኣብ ማስርሕ'ዚ ናይ ምስጋር ተጻወትቲ ወቕቲ ንኣሌክሲስ ሳንቸስ ብምፍራሙ ዘጨንቕ ከምዘይብሉ ድሕሪ'ቲ ናይ ብቐድሚ ትማሊ ካልኣይ ጸወታ ፕሪመር ሊግ ገሊጹ። ሸንገር፡ እቲ ተጻዋታይ ኣብ ግጥም ኣንጻር ኤቨርተን ዝደለ ብቕዓት ብዘይምንጽባረቑ ብጋዜጠኛታት ብዝቐረበሉ ሕቶ መስረት'ዩ ዚ መግለጺ ክህብ ዝተቐሰበ።

ናይ ቅድሚት ተጻዋታይ ቺለ - ሳንቸስ፡ ኣብቲ ሓዲስ ጋንታኡ ኣርሰናል ምስ ኤቨርተን 2ብ2 ዝተፈላለየትሉ ግጥም ብዘይ ካልኣይ ኣጥቃዓይ ክጻወት'ኳ እንተተመደበ፡ ውጽኢታዊ ኮይኑ ብዘይምርካቡ ኣብ መበል 45 ደቒቕ ብኦሊቨር ጂሩድ ተቐይሩ።

"ብኣካላዊ ደስው ኣይተሃነ ዘሎ፡ ይኹን ደኣ'ምበር ብዛዕባኡ ኣይጭነቐንን'የ። ብኣካላዊ መዳይ ሓንሳእ ኣብ ጽቡቕ ቁመናኡ ክመጽእ'ዩ፡ ብኡ መጠን ድማ ርእሱ ተኣማንነቱ ክምለስ'ዩ። ስለ'ዚ ብጉዳይ ሳንቸዝ ዘሻግር ነገር የብለይን።" ይብል እቲ ኣብ ካልኣይ እብረ ብዘፈጠሮ ለውጢ ካብ ሜዳ ጉዲሰን ፓርክ ነጥቢ ተማቒሉ ዝወጸአ ፈረንሳዊ ኣሰልጣኒ።


ኣብ ውድድር ዋንጫ ዓለም - ብራዚል፡ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ቺለ ዝነኣደ ምንቅስቓስ ዘርኣየ ወዲ 25 ዓመት ሳንቸዝ፡ ብኣስታት 35 ሚልዮን ፓውንድ ዝሓለፈ ወርሒ ካብ ባርሴሎና ናብ ኣርሰናል ምጽንባሩ ዝፍለጥ'ዩ። ጋርስ ዝሓለፈ ዓመት ስፖርት ኣብ ማስመር መጥቃዕቲ ብትርኢት ጸወታ ኦሊቨር ጂሩድ ተቑጺፉ ነይራ እያ። ብቐዳም ኣብ ቅድሚት ሳንቸዝ ኣድማዒ ብዘይምንባሩ ድማ ኣብ ኣቕረፌታ መብረ ጂሩድ ናይ ዝሓለፈ ወቕቲ ከይከውን ይትንተን።

ኣብ ማስመር መጥቃዕቲ'ታ ጋንታ ተራኡ ከዕዘዘ ልዑል ጸቢት ዝተገብረሉ ሳንቸዝ፡ ኣብ ዝተሰለፈለን ኣርባዕተ ጸወታታት ገና ሸቶ ኣየመዝገበን። ኣንጻር ኤቨርተን ኣብ ሜዳ ኣብ ዝጸንሓሉ እዋን ናይ ቐዳማይ እብረ'ቲ ጸወታ'ውን እንተኾነ፡ ኣብ ሳንዱቕ ኤቨርተን ኩዕሶ ክሕዝ ዘይተጸገመ ኣይነበረን።

ድሕሪ ግጥም ኢቨርተንን ኣርሰናልን፡ ሸንገር ጋንታኡ ኣብ ካልኣይ እብረ ዘርኣይዎ መንፈስን ካብ ድሕሪት ተበጊሶም ነጥቢ ብምምቃሎምን ከምዘሐጎሶ ብምግላጽ፡ ካልኣይቲ ሸቶ ካብ ማስመር ወጻኢ (offside) ብምንባራ ከምዘይተዋሕጠሉ ገሊጹ።

ኣሰልጣኒ ኤቨርተን ሮበርቶ ማርቲነዝ ብወገኑ፡ "ንኣስታት 80 ደቒቕ ዘርኣናዮ ጸወታ ኣሐቢኑኒ'ዩ፡ ንኣርሰናል ጸጥ ከይበላን ንጸወታኣ ከይርገሐን ኢና ተራኢና። ኣብ መወዳእታ ክንዕቅቦ ዘይምኽኣልና ግን ኣእምሮኣዊ ጸዓት ስለዝይብረና'ዩ" ክብል፡ ኣብ ኢጋ ምዝዛም ጸወታ ካብ ዓወት ምኹላፎም ከምዝሕዝኖ ተዛሪቡ።

## ብዘይካ'ዚ . . .



= ናይ 2014/15 ዓመተ-ስፖርት ውድድር ቡንደስሊጋ - ጀርመን፡ ቅዳምሰንበት እዩ መጋረጃኡ ቐንጢጡ። ብቐዳም ክለብ ባየር ለቨርኩሰን ናብ ሜዳ'ታ ዝሓለፈ ወቕቲ ካልኣይ ደረጃ ሒዛ ውድድራ ዝዛዘመት ክለብ ቦሩስያ ዶርትመንድ ተጓዒዛ ናይ 2ብ0 ኣሰንዮዲ ዓወት ኣብ ዘመዝገበትሉ፡ ተጻዋታያ ካሪም ቢላራቢ ኣብ ታሪኽ ቡንደስ ሊጋ ዝቐልጠፈት ሸቶ ኣመዝጊቡ።

እቲ ኣብ ታሽዓይ ካልኢት ነታ ሸቶ ዝሰርሐ ኣካፋሊ፡ ሎሚ ንናይ 16 ዓመት ክብረወሰን ክሰብር እዩ በቒዑ ዘሎ። ኣቐዲሙ ኣብ 1998 ጂያኒ ኢልበር ዝተባህለ ናይ ባየር ሙኒክ ተጻዋታይ ዝሰበረ እዩ ኣብ መበል 11 ካልኢት ብዝቖጸራ ሸቶ ክብረ ወሰን ሒዙ ጸኒሑ።

= ኣጥቃዓይ ኦሊቨር ጂሩድ ክለቡ ኣርሰናል ምስ ኤቨርተን 2ብ2 ኣብ ዝተፈላለየትሉ ግጥም ናይ ብርኪ መጉዳእቲ እዩ ገጢምዎ። በዚ ድማ እቲ ኣጥቃዓይ ሞንትፐለየር ነበር፡ ኣርሰናል ድሕሪ ጸባሕ ምስ በሲክታሽ ኣብ ዝጸብያ ግጥም ካልኣይ እግሪ ፕለይ-ኦፍ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ናይ ምስላፍ ተኽእሎኡ ኣጠራጣሪ ኮይኑ ኣሎ።

= ሻምፕዮን ኢጣልያ - ጁቬንቱስ ንኣጥቃዓይ ኣርሰናል ሉቃስ ፖዶልስኪ ከተሰጋግሮ ወግዓዊ ምይይጥ ተካይዶ ምህላዋ ሚትሮ ዝተባህለ ምንጪ ይሕብር። ጁቬንቱስ ነዚ ጀርመናዊ ተጻዋታይ ብመልክዕ ልቓሕ ንዊሕ ምስኣ ከተጻውቶ መደብ ምህላዋ ድማ እቲ ምንጪ ብተወሳኺ የረድእ።

= ማንቸስተር ዩናይትድ ንኣንጀል ዲ ማርያ ከተፈርሞ ኣብ ጥርዚ ውሳነ ዘደንቕ ምስግጋር ምብጽሓ (ብኣስታት 60 ሚልዮን ፓውንድ ምዃኑ'ዩ) ጋዜጣ ደይሊ መይል ሓቢራ። እዚ ኣብዚ ሳልስቲ እንተደአ ተረጋጊጹ፡ ክብረ-ወሰን ክፍሊት ብሪጣንያ ክሕዝ ማለት'ዩ።

ምስ ዓርሞሽሽ ሰዓቕዊት ክለብ ሪያል ማድሪድ ዘውዲ ሻምፕዮንስ ሊግ ዝደፍአ ኣርጀንቲናዊ ዲ ማርያ፡ ብጉዳዩ ድሮ ምስ ኣሰልጣኒ ልዊስ ቫን ጋል ከምዝተዘራረበ ይንገር። ንሱ፡ እቲ ናብ ሜዳ ኦልድ ትራፎርድ ዝሰጋገረሉ ማስርሕ ሎሚ ክፍጽሞን ነታ ከም በዓል ዴቪድ ቤክሃም፡ ኤሪክ ካንቶና፡ ክሪስቲያኖ ሮናልዶ፡ ጆርጅ ቤስትን ብርያን ሮብሰንን ኣብ ግዜኦም ዝወደዮዋ ዝበሩ ውርይቲ ማልያ ቁጽሪ 7 ክለብሰን ድማ ይጽበ።



## "ቶረስ ምሳና ክጸንሕ'ዩ ዝደሊ" ሞሪኖ



ኣሰልጣኒ ቸልሲ ጆሴ ሞሪኖ፡ ንኣጥቃዓይ ክለቡ ፈርናንዶ ቶረስ ዋላ'ኳ ኣብ ግጥም ኣንጻር ለይቸስተር ምስቶም 18 ተጻወትቲ እንተዘይመረጹ ኣብታ ክለብ ክጸንሖ ከምዝደለ ሓቢሩ።

ወዲ 30 ዓመት ቶረስ፡ ኣብ'ዚ ክረምቲ ኣጥቃዓቲ - ዲያጎ ኮስታን ዲድየር ድሮግባን ካብ ዝመጽኡ ንድሓር ብሳልሳይ ደረጃ ዝመረጽ ኣጥቃዓይ እታ ክለብ እዩ ኮይኑ ዘሎ። በዚ ድማ እቲ ስጳኛዊ ምስ ብዙሓት ክለባት ርክብ የካይድ ብምህላዉ'ዩ ዝሕበር። ድሒሩ ከምዝተሓበረ ኢጣልያዊት ክለብ ኤሲ ሚላን ንዕኡ ከተፈርም ተጉዓዝ ጊይራ ትርከብ።

እዚ ይኹን እምበር ሞሪኖ፡ "ቶረስ ኣብ'ዛ ጋንታ ክጸንሕ'የ ዝደልየ። ክጻወት'ዩ ሸቶታት ከኣ ከመዝግብ'ዩ ስለዚ ንዓና ኣዝዩ ጠቓሚ ስለዝኾነ ክንሰዶ ድሌት የብለይን።" ኢሉ።

ኣብ ጥሪ 2011 ክብረወሰን ብዝሓለ መጠን ገንዘብ እታ ክለብ ብዝሓዘ ክፍሊት 50 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ሊቨርፑል ናብ ቸልሲ ዝተሰጋገረ ፈርናንዶ ቶረስ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመተ ውድድር ፕሪመር ሊግ 28 ጸወታታት ኣካይዱ። ሓሙሽተ ሸቶታት ከመዝግብ እንከሎ፡ ብተመሳሳሊ ሓሙሽተ ንሸቶ ዝበቕዓ ኩዕሶ ንብጹቱ ኣቐቢሉ።

ሞሪኖ ካብቶም ንጸወታ ዝመረጾም 18 ተጻወትቲ ንቶረስ ከትርፎ ምውሳኑ ኣመልኪቱ፡ "እቲ ምኽንያት ተመሳሳሊት ጋንታ ጋንታ ክሕዝ ስለዝወሰንኩ'ዩ። እዚ ማለት ተመጣጣኒ ተቐያሪ ንምህላው ካብ ዝበል ሓሳብ ብምንቃል'ዩ። እምበር ሓደ-ሓደ ግዜ ክልተ ኣጥቃዕቲ ኣብ መንበር ተቐያሪ ኮፍ ክብል እኽእል'ዩ፡ ሓደ-ሓደ ሳዕ እውን ብኣንጻሩ። ብዘኾነ ኣብ'ዛ ጋንታ ሰለስተ ኣጥቃዕቲ ኣይደልየን'ዩ፡ ምኽንያቱ ኣብ ገለ ገለ እዋን መጉዳእቲ ወይ መቕጻዕቲ ምስ ዘጋጥም መተካእታ ስለዝደሊ።" ይብል።

### ኮስታን ቸልሲን ብዓወት . . .

- ሓደሽ ኣባል ዲያጎ ኮስታ ኣብ ፈላሚ ጸወታኡ ናይ ሜዳ ስታምፎርድ ብሪጅ ሸቶ ኣቖጺሩ
- ኢደን ሃዛርድ ድሕሪ ሓገዘ ፋብሬጋስ ጎል ሰሪሑ
- ቸልሲ ድሕሪ ካልኣይ ዓወታ ኣብ መንበር መሪሕነት

ቸልሲ ንሓዳስ ተሳታፊት ፕሪመር ሊግ - ክለብ ሌስተር ሲቲ ኣኣንጊዳ ኣብ ዘቖደቶ ናይ ቀዳም ጸወታ፡ ኣብ ክረምቲ ካብ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ዝፈረመ ኮስታ ንኻልኣይ ናይ ፕሪመር ሊግ ሸቶኡ ኣመዝጊቡ። እዚ ብ32 ሚልዮን ፓውንድ ዝተሰጋገረ ወዲ 25 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ ገና ኣብ መጀመርታኡ ንቸልሲ በዓል ወሰለታ ክኸውን ብምርኣዩ ንቐልቢ ብዙሓት ደገፍቲ'ታ ክለብ ይሰሕብ ምህላዉ ምንጮታት እንግሊዝ የጋውሓ። ኣብቲ ዕለት ሓላው ልዳት ቸልሲ ቲቦት ኩርቶያስ ንኽልተ ሓደገኛ ፈተነታት ከድሕን ብምኽኣሉ ንተመራጽነቱ ምኽኑይ ካብ ምግባር ድሕር ኣይበለን።

ስታቲስቲካዊ ጸብጻብ ድሕሪ ግጥም ቸልሲን ሌስተር ሲቲን



- ቸልሲ ካብ ዳሕረዎት ኣርባዕተ ጸወታታት ፕሪመር ሊጌ ኣብ'ተን ሰለስተ ግጥማት ቅድሚ ዕረፍቲ ሸቶ ከየመዝገበት ሓሊፋ
- ኮስታ ኣብ' ናይዚ ወቕቲ ውድድር ሊጌ ካብ ክልተ ቕላዓት ኣብ ዕላማ ክልተ ጕላት ኣቖጺሩ
- ሰስ ፋብሬጋስ ኣብዚ እዋን'ዚ 73 ናይ ፕሪመር ሊግ ሓገዛት ንጎል (assists) ዓሚሙ፡ እዚ ካብ'ቲ ናይ ቅድም ኣጥቃዓይ ማንቸስተር ዩናይትድ ኣንዲ ኮል ዝገበሮ (assists) ዝበዝሕ'ዩ።
- ብተወሳኺ ፋብሬጋስ ኣብዘን ማልያ ቸልሲ ወደዩ ዝተጻወተለን ክልተ ጸወታታት ፕሪመር ሊግ ኣብ ሰለስተ ሸቶታት ሓገዙ ብምብርካቱ ብፍሉይ የጥቅሶ።

**ተወሳኺ...**

ተስፋኣለም የማነ

# ኢንዶኔዥያ፡ ኣብ ባልጃ ተዓጽዩ ክወጽእ ዝተፈተነ ሬሳ ኣመሪካዊት



ፖሊስ ኢንዶኔዥያ፡ ኣብ ባልጃ ተዓጽዩ ካብ ሃገር ክወጽእ ዝተፈተነ ሬሳ ናይ ሓንቲ ኣመሪካዊት በጺሒት ከምዝሓዘ ገሊጹ።

ኣፈኛ ፖሊስ ኢንዶኔዥያ ንሮይተርስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ በቲ "ኣሾሕኩሒ" ዝበሎ ቅትለት ዝተጠርጠረት ጓል ኒታ ግዳይ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትያ ከምዘላ ገሊጹ። ንዓኣ ዓርካ'ውን ኣብቲ ቅትለት ኢድ ክህልዎ ከምዝኽእል ተጠርጢሩ ድሒሩ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትዩ ከምዘሎ ወሲኹ ሓቢሩ።

እታ ሺይላ ወይዙማክ ዝተባህለት ጓል 62 ዓመት ሰበይቲ ነብራት ቺካጎ ኮይና፡ ዝሓለፈ ወርሒ'ያ ምስ ጓል 19 ዓመት ጓላን ወዲ 21 ዓመት ዓርኪ ጓላን ናብ ኢንዶኔዥያ ኣምሪሓ።

ንሱ፡ ኣብ ገምገም ባሕሪ ባሊ ኣብ ዝርከብ መሐንበሲ ኣዕሪፉ እንከሎ'ያ ብኻራ መሳሊ ነገር ተቐቲላ። ብድሕሪ'ዚ ሬሳኣ ኣብ ባልጃ ናይ ክዳውንቲ ተዓሺጉ ናብ መዓርፎ-ነፈርቲ እናተበገሰ እንከሎ ብፖሊስ ተረኺቡ። ፖሊስ ኢንዶኔዥያ ኣብቲ ዘካይዶ ዘሎ መርመራ፡ ምስኣ ዝቖጸሮት ጓላን ዓርኪ ጓላን ኒቲ ቅትለት ከምዝፈጸምዎ ዝእምት መርትዖ ረኺቡ ከምዘሎ ሓቢሩ። ፖሊስ ቺካጎ ብወገኑ፡ ካብ 2004 ክሳብ 2013 ኣብ ዝነበረ እዋን እታ ኣደ ምስ ጓላ ብተደጋጋሚ ትገራጨ ስለ ዝነበረት 86 ግዜ ናብ ፖሊስ ደዊላ "ርድኡኒ" ኢላ ምንባራ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ እቲ ቅትለት ብጓላ ክፍጸም ዘለዎ ተኽእሎ ኣዝዩ ልዑል ምዃኑ ኣረዲኡ።

# "ኣነ'የ ጌገኛ" ዝብል ዘሎ ኣቦ 77 ሰባት ዝቐተለ ኖርወጃዊ

ኣንድረስ ብረይቪክ ዝተባህለ ኖርወጃዊ መንእሰይ ኣብ 2011 ኣብታ ሃገር ብዝፈጸሞ ናይ ብረት መጥቃዕቲ 77 ሰባት ድሕሪ ምቕታሉ፡ ወላዲኡ ጀንስ ብረይቪክ "ንወደይ ኣብ ኣተዓባብያኡ ስለ ዝበደልክዎ ናይ'ቲ ዝፈጸሞ ትራጀዲ ኣነ'የ ክሕተተሉ ዝግብኣኒ ኔሩ" ክብል ጣዕሳኡ ይገልጽ ኣሎ።

ብመሰረት ኣሾሸትድ ፕረስ፡ ኣቐዲሙ በዓል-ሰልጣን ነርወይ ዝነበረ ጀንስ ኣብታ 'ማይ ፎልት' ዝብል ኣርእስቲ ሂቡ ኣብ ቀረባ ግዜ ከሕትማ ዝቀራረበላ ዘሎ መጽሓፉ ጠቒሱዎ ከምዘሎ፡ ንወዱ ብህጻንነቱ ምስ ጠንጠኖ ብኸመይ ከምዝዓበየ ፈጺሙ ኣይፈልጥን'ዩ። ንሱ፡ ኣንድረስ ቁልዓ ዓመት እንከሎ'ዩ ንበዓል-ቤቱ ፈቲሕዋ። ካብቲ እዋን'ቲ ኣትሒዙ ድማ ንወዱ ዳርጋ ብኣካል ረኺብዎ ከምዘይፈልጥ ይዛረብ። "ከምቲ ዝኾነ ወላዲ ንውልዱ ከርእዮ ዝኽእል ፍቕርን ሕንቃቐን ጌረ የዕበኽዎ እንተዝኸውን ወደይ ነቲ ዓቢ ገበን ኩቶ ኣይምወዓሎን ኔሩ" ይብል ጀንስ። ኣብ 2013 ዝሞተት በዓልቲ-ቤቱ ነበር ብወገና፡ "ጀንስ ንወዱ ፍጹም ቀሊሕ ኢልዎ ዘይፈልጥ ኣረሜናዊ ሰብ'ዩ" ብምባል ድሕሪ'ቲ ወዳ ዝፈጸሞ ትራጀዲ ቁጠዓኣ ገሊጻ ምንባራ እቲ ጸብጻብ ይጠቅስ። ጀንስ እታ ናይ ኑዛዜ መጽሓፉ ተሓቲማ ቅድሚ ምዝርጋሓ ሓንቲ ቅዳሕ ንወዱ ክልእኸሉ ምዃኑ'ዩ ዝገልጸ። ኣብዚ እዋን ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ተዓጊቱ ዝርከብ ኣንድረስ፡ በቲ ዝፈጸሞ ገበን ን21 ዓመታት ክእሰር'ዩ ተፈሪዱ ዘሎ።



# ጸሊም ኣመሪካዊ ዝቐተለ ፖሊስ ልዕሊ 150 ሽሕ ዶላር ሓገዝ ረኺቡ!




ኣብ ኣመሪካ፡ ኣንጻር ህላወ ጸለምቲ ዜጋታት'ታ ሃገር ከም ዝንቀሳቐስ ዝንገረሉ 'ኩ ክሉክስ ክላን' ዝተባህለ ብጻዕዱ ዝቖመ ጉጅለ፡ ነቲ ብ9 ነሓሰ ሚካኤል ብራውን ንዝተባህለ ጸሊም ኣመሪካዊ ብጥይት ዝቐተለ ጻዕዳ ኣባል ፖሊስ ልዕሊ 150 ሽሕ ዶላር ኣዋጺእሉ ከምዘሎ ኣፍሊጡ።

እቲ ጉጅለ፡ ኣብቲ ሓገዞት ንምእካብ 'ጎ ፋንድ ሚ' ብዝብል ስያመ ብ17 ነሓሰ ዝዘርግሖ ዌብሳይት፡ "ዳረን ዊልሰን ነቲ ገበኛ ኔግሮ ምቕታሉ ኣዝዩ ዘሐጉሰና'ዩ። ምኽንያቱ ሞያኡ ዘለዎ ሓላፍነት'ዩ ብዝግባእ ኣተግቢሩ።" ክብል ዓሌታዊ ርእይቶኡ ገሊጹ።

ኣሰዒቡ፡ እቲ ገዝኡ ናይ ምውጻእ መሰርሒ ገኖ ክቐጽል ምዃኑ፡ ኣብ መወዳእታ ከኣ ተኣኪቡ ብቐጥታ ንሰድራ-ቤት ዊልሰን ክወሃብ ምዃኑ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ እቲ ዕላማ ዊልሰን ኣብ መሰርሕ ፍርዲ ኩሉ ንዘኽእል ዘይተኣደነ ወጻኢታት ንምሽፋን ምዃኑ ኣረዲኡ።

ናብ ሰድራ-ቤቱ ወግዓዊ ደብዳበ ብምልኣኽ "ኣጆኹም ኣብ ጎንኹም ኣለና! ዊልሰን ጅግና'ዩ!" ዝብል ናይ መጸናንዒ መልእኽቲ ዝሓዘ ደብዳበ ልኢኹ ከምዘሎ'ውን እቲ ዝዘርግሖ ዜና ወሲኹ ይጠቅስ። እቲ ወሰድዎ ዘሎ ስጉምቲ ንሓያል ጸለምቲ ዜጋታት'ታ ሃገር ቁጥዓም ክይጉድኦም ከምዝይተርፍ ከኣ ንክኢላታት ብምውካስ የረድእ።

ናይ ሓላፍነት ማዕርግ ከምዝበሮ ዝንገረሉ ፖሊስ ዊልሰን፡ ነቲ ወዲ 18 ዓመት ምንባሩ ዝግለጽ ጸሊም ኣመሪካዊ ብረት ዘይዓጠቐ ክሉ ደጋጊሙ ተኩሱ ከምዝቐተሎ'ዩ ዝውቀስ ዘሎ። ድሕሪ'ቲ ትራጀዲ፡ ዝበዝሑ ነበርታ ጸለምቲ ምዃኖም ዝንገረላ ከተማ ሰይንት ሉዊስ ብህዝባዊ ናዕቢ ክትናወጽ ከምዝቖጸየት ይግለጽ።

ሰዉዓት ታሪኽ ከምዝሕብሮ፡ ኩ ክሉክስ ክላን ካብ ቅድሚ ሓደ ዘመን ዝተመስረተ ጉጅለ ኮይኑ፡ ኣብ ትሕቲኡ ሓያለ ንኡሳን ጉጅለታት ብምጥርናፍ ክሳብ 8 ሽሕ ዝበጽሑ ኣባላት ሓቚፉ ኣብ ዝሰፍሐ ከባቢታት ኣመሪካ ይንቀሳቐስ።

እቲ ጉጅለ፡ ኣመሪካ ናይ ጻዕዱ ደኣምበር ናይ ጸለምቲ መሬት ከምዘይኮነት ብምምልካት፡ ዕላማኡ ጸለምቲ ኣመሪካ ንምጥፋእ ወይ ንምስጓግ ምዃኑ የመልክት።

# ኣውስትራልያ፡ ሞት ናይ 200 ሕሙማቱ ብጌጋ ዝኣወጀ ሆስፒታል

ኣብ ኣውስትራልያ ኣብታ ብዝበዝሐ ህዝቢ ኣብ ካልኣይ ደረጃ እትስራዕ ከተማ ሜልቦርን ተደኲኑ ዝርከብ 'ኦውስቲን' ዝተባህለ ሆስፒታል፡ ኣብ ዓራቱ ደቂሶም ንዘሕክሞም ዝበጽሑ 200 ሕሙማን "ሞይቶም" ብምባል ንስድራ-ቤቶም ከምዝረድኦም ሮይተርስ ገሊጹ።

ሓለፍቲ ናይ'ቲ ሆስፒታል ድሒሮም ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ እቲ መርድእ ብሰንኪ ኣብ መዝገብ ዝተፈጥረ ምድንጋራት ዝሰዓበ ምዃኑ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ንስድራ'ቶም ሕሙማን ብወግዒ ይቕሬታ ሓቲቶ። ኮይኑ ግን ማሕበር ሓካይም ኣውስትራልያ፡ "እቲ ጌጋ ፈጺሙ ክፍጸም ዘይነበሮን ንምቕባሉ እምብዛ ዘጸግምን'ዩ" ክብል ብትሪ ነቒፍዎ ኣሎ።

ብሰንኪ'ቲ ዝተፈጥረ ዘሰንበደ ጌጋ ኣብ ሰድራ-ቤት'ቶም ሕሙማን ሰዓቡ ክኸውን ናይ ዝኽእል ስነ-ኣእምሮኣዊ ሃሲያ ባዕሉ ክሕተተሉ ከምዝግብኦ ድማ ኣረዲኡ። ተቓወምቲ መንግስቲ'ታ ሃገር ብወገኖም፡ እቲ ዝተፈጥረ ጌጋ ብቐንዱ ስርዓተ-ጥዕና ኣውስትራልያ ህጹጽ ጽገና ይጠልብ ከምዘሎ ዘርኢ ኣብነት ምዃኑ ገሊጾም።

# ቻይና፡ ሰራሕተኛታታ ብሮቦታት ዝተክአት ቤት-መግቢ



ኣብ ቻይና እትርከብ ሓንቲ ስማ ዘይተጠቕሰት ሓዳስ ቤት-መግቢ፡ ኣሳሰይቲን ከሸንቲን ጌራ ክተሰርሖም ካብ ዝጸንሐት ሰራሕተኛታት ንዝበዝሑ ኣባረራ ብሮቦታት ክትትክኦም ብምኽኣላ ኣቓልቦ ማዕከናት ዜና'ታ ሃገር ስሒባ ቀኒያ።

ብመሰረት ጋዜጣ ሚረር፡ ወናኒ ናይ'ታ ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ቻይና - 'ኩንሻን' ኣብ ዝተባህለት ከተማ ተደኲና እትርከብ ዘመናዊት ቤት-መግቢ ሶንግ ጁጋንግ ንማዕከናት ዜና'ታ ሃገር ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ቤት-መግቡ ብዝበዝሐ ዓማዊል ኣብ ዘእንግደሉ እዋን እኳ'ቶም ሰራሕተኛታት ብምሕር ሃልኪ ስራሕ ደኺሞም ክፈዙ ከምዝጸንሑ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ነቲ ጸገም ንምፍዋስ ክብል ዓማዊል ተቐቢሎም ከሰስዮን መግቢ ክኸሽኑን ዝኽእሉ 15 ሮቦታት ክጠልብ ከምዝወሰነ ኣረዲኡ።

ንሱ ኣሰዒቡ፡ ነቶም ደሮ ስራሕ ጀሚሮም ከምዘለዉ ዝገለጾም ሮቦታት ብጠቕላላ 4 ሽሕ ፓውንድ ወጻኢታት ከምዝሓበረሎም፡ እዚ መጠን'ዚ ከኣ ማዕሪ'ቲ ዓመታዊ ንኸሎም ሰራሕተኛታቱ ዝኸፍሎ ዝነበረ መጠን መሃያ ምዃኑ ገሊጹ። እቶም ሮቦታት መዓልታዊ ንኽልተ ሰዓት ዝኣክል "ቻርጅ" ምስ ገበሮም ብዘይ ዕረፍቲ ንልዕሊ ሓሙሽተ ሰዓታት ይሰርሕሉ ከምዘለዉ'ውን ኣረዲኡ።

ጸብጻብ ጋዜጣ ሚረር ከምዝጠቐሶ፡ እቶም ወሰኑን ቃላት ከደምጹን ዝተኣዘዝዎ ስጉምያም ክተግብሩን ዝኽእሉ ሮቦታት፡ ነቲ ቤት-መግቢ ዓማዊል ብዝበዝሐ ክስሕብሉ ጀሚሮም ኣለዉ።

ማዕከናት ዜና ቻይና ብወገኖም እቲ ቤት-መግቢ ወሰድዎ ዘሎ ስጉምቲ ሮቦታት ኣብ ቀረባ መጻኢ ንዝተረፉ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት'ታ ሃገር ክበሕትወን ምዃኑ ዘርኢ ጫብጥ ኣብነት ምዃኑ ይገልጹ ኣለዉ።

እንተኾነ'ቲ ከስፋሕፍሕ ትጸበ ዝጀመረ ዘሎ ቴክኖሎጂ ሮቦት ንዓቕሚ ሰብ ዘወግን ብምዃኑ ከቢድ ሽቕለት-ኣልቦነት ከስዕብ ምዃኑ ክኢላታት ብኣጋኡ የጠንቅቑ ኣለዉ።

ጸብጻባት ከምዝሕብርዎ፡ ምስዛ ናይ ቻይና ሓዊሱ ብደረጃ ዓለም ኣብ ሮቦታት ተመርኲሰን ንዓማዊለን ኣገልግሎት ዝህባ ሰለስተ ኣብያተ-መግቢ ተኸፊተን ኣለዋ።